ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.35 | ቀዳም 11 ጥቅምቲ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3


ገጽ 5
ብመቕርበይን ፈተውተይን ዝተኻዓብኩሉ ጉዳይ

ገጽ 9
ብዙሕ ዓውድታት ዝመለኸ ስነ ፍልጠተኛ


ገጽ 11
ሻምፒዮን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል 2025


# ብቐዳማይ ሚኒስተር ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ሱዳን፡ ዑደቱ ዛዚሙ ተፋንዩ

ብቐዳማይ ሚኒስተር - ዶ/ር ካምል እድሪስ ዝተመርሐ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ሚኒስተር ዜና፡ ባህልን ቱሪዝምን ዝሓቖፈ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ሱዳን፡ ኣብ ኤርትራ ዘገበሮ ናይ ክልተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዛዚሙ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ተፋንዩ።

ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ዒሳን ድማ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተረኺቦም ብኽብሪ ኣፋንዮምዎም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዶ/ር ካምል እድሪስ ንዑደቱ ኣመልኪቱ ንማዕከናት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንሕውነታውን ታሪኻውን ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ኣብ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ቁጠባውን መዳያዊ ንምምዕባሉ ዘሎ ድሌትን ድልውነትን ሃገሩ ብምንጻር፡ ኣቐዲሞም ዝተኸተሙ ስምምዓት ብምልኣት ንምትግባር ከምዝሰራሕ ኣረጋጊጹ።

ዶ/ር ካምል ኣስዒቡ፡ ሽግር ሱዳን፡ ካብ ግዳማዊ ምትእትታዋት ርሒቑ ብሱዳናውያንን ምቕሉል ደገፍ መሓዙትን ጐረባብትን ሱዳን ክፍታሕ ንዘጽውዕ ጽኑዕ መርገጺ ኤርትራ፡ ብወገን ሃገሩ ዓቢ ግምትን ክብርን ከምዝወሃቦ ገሊጹ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ሱዳን፡ ብ9 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ኣዳራሽ ሃገር


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር

ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘገበሮ ርክብ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድና፡ ግፍዔት ሱዳን ንምዕራፍ ኣብ ዝቕጸል ዘሎ ጻዕሪ፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ምዝታዩ ዝፍለጥ'ዩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሱዳን፡ ንሓድነትን ክብረትን ሱዳን ዘድምዕ መትከላዊ፡ ጽኑዕን ዘይልወጥን ከምዝኾነ ከረጋግጹ ከለዉ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ካምል ድማ፡ ንመርገጺ መራሕትን መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ "ተባዕ ዘለዎን ታሪኻውን'ዩ፡" ክብል ገሊጽዎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሱዳንን ምስኡ ዝመጸ ላዕለዋይ ጉጅለ ልኡኽን ብዘይካ'ዚ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ተሰንዮም ኣብ ቀንዲ ጐደናታት ኣስመራ ብእግሪ ዑደት ኣብ ዘበረሉ፡ ንዖምቂ ዝምድና ክልተኡ ህዝብታት ዝገልጽ ግቡረ-መልሲ ረኺቦም።

# ማእከል - ሕጊ ዝጠሓሳ ተሸከርከርቲ፡ ልዕሊ 10 ሚልዮን ናቕፋ ተቐጺዐን

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዝሓለፈ 9 ኣዋርሕ ብጥሕሰት ሕጊ ዝተኸሰ ልዕሊ 61 ሽሕ ተሸከርከርቲ፡ ኣስታት 10.5 ሚልዮን ናቕፋ ከም እተቐጽዓ፡ ኣዚ ፖሊስ ትራፊክ ሚጀር ሃብተ ገብሩ ሓቢሩ።

ካብ'ዘን ተኸሲሰን ዝተቐጽዓ ተሸከርከርቲ፡ 37,098 መካይን፡ 15,068 ብሽክለታታት፡ 402 ሞቶር ሳይክል፡ 24 ድማ ዓረብያ ፈረስ'የን።

ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣዋርሕ፡ ብሰንኪ ዘጋጠመ 2,087 ሓደጋታት፡ 27 ሰባት ህይወቶም ክስእኑ ከለዉ፡ 114 ከቢድ፡ 409 ድማ ቀሊል ኣካላዊ ጉድኣት ከም ዝወረዶም ዝገለጸ ሚጀር ሃብተ፡ ኣብ ንብረት ልዕሊ 13 ሚልዮን ናቕፋ ዕንወት ከም ዘጋጠመ ኣረዲኡ።

ዝበዝሐ ጠንቅታት ሓደጋታት ማስተ ሰቲኻ ምምራሕ፡ መምርሒ ፍቓድ ዘይብልካ ምምራሕ፡ ንኢጋር ቀዳምነት ዘይምሃብ፡ መንገድኻ ዘይምሓዝን ርሕቀትካ ዘይምሕላውን ከምዝኾኑ'ውን ገሊጹ።


ስእሊ. ሮቢል መረሰ

ብዘይካ'ዚ፡ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ምስ ብዓል መዚ መጎዓዝያ ምድሪ ብምትሕብባር ብዝገበሮ ቁጽጽር፡ ኣብ ዘይተፈቕደሎም ንጥፈት ክሰርሓ ዝጸንሓ 202 ኮድ-1 መካይን፡ ብድምር ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ናቕፋ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከም እተበየነለን ሚጀር ሃብተ ወሲኹ ኣፍሊጡ።

ኣብ መደምደምታ፡



መራሕትን ወነንትን መካይን፡ ብሚኒስትሪ መጎዓዝያ ዝተዳለወ ዓመታዊ ተፍትሽ መርመራ ቦሎ ክሳዕ ዝውዳእ ንምሕላፍ ተባዚሉ ዝጸበር ምቅይያር ንብረት ካብን ናብን ኣወጊዶም፡ ቀዳምነት ንህይወቶምን ህይወት ተሳፈርትን ክህቡን ሓላፍነታውያን ክኾኑን ኣዘኻኺሩ።

# ማእከል - ኣብ ኣከባብያዊ ጥዕና ውጽኢታዊ ስራሕ ይዕመም ከምዘሎ ተገሊጹ

ጨንፈር ጥዕና ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2008 ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰረጃቓ፡ በሪኽን ጋላ-ነፍሕን ዝተኣታተወ ኮም ዝምርሖ ሓበራዊ ጽሬት ዘተባብዕ ውጽኢት ከምዝተረኽቦ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ኣከባብያዊ ጥዕና ኣቶ ኣብርሃም በላይ፡ ብደረጃ ዓለም ዛጊት ተፈሊጦም ካብ ዘለዉ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እቶም 75 ሚእታዊት ብጉድለት ጽሬት ዝስዕቡ ምኻኖም ብምጥቃስ፡ ሕብረተሰብ ኣከባብያኡን ውልቃውን ጽሬት ብምዝውታር ንምክልኻሎም ንቑሕ ኣብርክቶ ከምዝህልዎ ይግበር ከምዘሎ ኣገንዚቡ።



ኣብ 2006 ኣብ ገጠራት ብዘተግበረ መጽናዕቲ 2 ሚእታዊት ጥራይ ዝነበረ ሽቓቕ ተጠቃምነት ዓዲ-ምድሪ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናብ 89 ሚእታዊት ከምዝበረኸ ብምሕባር፡ እዚ መርኣያ ናይ'ቲ እናሰረጸ ዝመጸ ንቕሓት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ብዞባ ደረጃ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ተጠቃምነት ዓዲ-ምድሪ ውጽኢት ተጠርዩ ዘሎ ንቕሓት ምዃኑ ብምጥቃስ ድማ፡ በብእዋኑ ዝካየድ ገምጋማዊ ንጥፈታት ርእይ ውጽኢት ደርጒ ከምዘሎ፡ ደጊሱ ንምውጋድ ከኣ ዕቱብ ምክትታል ከምዝድለ ኣገንዚቡ።

ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ህጻናት ድማ ብፍላይ ግዳይ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከይኮኑ፡ እንስሳ ማይን እንምገቦ መግብን ብጽሬት ክትሓዝ፡ ቅድሚ ምምጋብ ድማ ኣእዳው ብማይን ሳሙናን ምሕጻብ ክዘውትር ምዒዱ።

# ንጽግማት ተመሃሮ ደገፍ ናውቲ ትምህርቲ ተገይሩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡሳን ዞባታት ከረንን ገሉብን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡስ ዞባ ባረንቱ ንልዕሊ 600 ጽግማት ተመሃሮ ደገፍ ናውቲ ትምህርቲ ተገይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ከተማ ከረን ካብ 25 ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ 240 ተመሃሮ ዋጋ 28,476 ናቕፋ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ገሉብ ድማ ዋጋ ልዕሊ 7,119 ናቕፋ ናውቲ ን360 ጽግማት ተመሃሮ ተዓዲሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ከረን ብምርድዳእ፡ ቀጠባዊ ጸገማት ዘለዎም ተመሃሮ ብዘይ ክፍሊት ከምዝምሃሩ ይግበር ከምዘሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣፍሊጡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ ን300 ጽግማት ተመሃሮ ተመሳሳሊ ሓገዝ ገይሩ።

ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ ዓመት መጸ ንጽግማት ተመሃሮ ዝወሃብ ሓገዝ፡ ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዘሁበርዎ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ምዃኑ ብምሕባር፡ ወለድን ኣለይትን ብሓፈሻ ድማ ሕብረተሰብ ዕላማኡ ብምግንዛብ ቀጻሊ ምክትታል ክገብሩሉም ኣተሓሳሲቦም።

# ጊንዳዕ - ኣገልግሎት ክታበት ብዓይነትን ስፍሓትን ክብ ኢሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ - ምምሕዳር ከባቢ ፍሽይ ምራራ ተደኲና ኣብ እትርከብ መደበር ጥዕና ዳንኩር፡ ኣገልግሎት ክታበት ብዓይነትን ስፍሓትን ከምዝበረኸ፡ ሓላፊ ናይ'ታ መደበር - ተሓጋጋዚ ነርስ ኣብል ጉብረሂወት ሓቢሩ።

ኣብ'ታ መደበር ኣገልግሎታት ሕርሲ፡ ክታብት ህጻናት፡ ተመላለስቲ ሕሙማት፡ ወለንታዊ መርመራን ፋርማሲን ከምዝወሃብ ብምግላጽ፡ ቍጽሪ ናብ ትካል ጥዕና እናተመላለሳ ክንክን ዝጉብራ ነፍሰ-ጾራትን ኣብ ትካል ጥዕና ዝሓርሳን ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ብቐደም ተኸተል ብ25ን 7ን ሚእታዊት፣ ሽፋን ክታበት ህጻናት ድማ ብ27 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ገሊጹ።

ህንጻ ናይ'ታ መደበር ጥዕና ንኽሕደስ ብሸነርቲ ተበግሶታት ይወሰድ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ፍሽይ ምራራ ኣቶ ዓብዱ ማሕሙድ ብወገኑ፡ ደገፍ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ከይፍለየም ጸዊዑ።

ነበርቲ ብግደኦም፡ ሳላ'ቲ ብሞያውያን ዝወሃቦም ቀጻሊ ኣስተምህሮታት፡ ኣፍልጦኦም ኣብ መዳይ ጥዕና እናበረኸ ከምዝመጸ ገሊጾም።

መደበር ጥዕና ዳንኩር፡ ንምምሕዳር ከባቢ ፍሽይ-ምራራ፡ ከምኡ'ውን ንከባቢታት መዓልዱ፡ በገዑ፡ ቀሩሕ፡ ምሕሉብን ከዋክንን ኣገልግሎት ትህብ።



# ገልዓሎ - ኣብ ምውጋድ ጕዳእቲ ልምድታት ጐስጓስ ተኻይዱ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ምስ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ብምውህሃድ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ባዕ፡ ቡያን ሓውሲ ከተማ ገልዓሎን፡ ኣብ ምውጋድ ጕዳእቲ ልምድታትን ምኽባር መሰላት ቈልዑን ደቂኣንስትዮን ዘተኰረ ጐስጓስ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ጠንቅን ሳዕቤናትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሽቦ ደቂ ኣንስትዮን ብመንጽር ሕጊ ኤርትራ ብሰፊሑ በሪሁ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ መሓመድ ዓብዱ፡ እቲ ዕላማ - ንቕሓት ሕብረተሰብ ክብ ብምባል፡ ዝነበረ ግጉይ ኣተሓሳስባን ርድኢትን ንምቕያር ከምዝዀነ ገሊጹ።

ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ኣስተምህሮኣዊ ጐስጓስ ዝጠቐሰ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ነርስ ማሕሙድ ኣሕመድ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ዝድለ ሸቶ ንምብጻሕ፡ ሓበራዊ ስራሕ ክድንፍዕ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ምውጋድ ሃሰይቲ ልምድታት ብሓፈሻ፡ ተርእዮ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ከኣ ብፍላይ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ዘበርኽ ጐስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ክሕይል ተላብዮም።

# ጎልጅ - ሕማም ዓሶ ንምግታእ ጐስጓስ ይካየድ

ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኣብ ሜላታት ምክልኻል ሕማም ዓሶን ማይ ወለድ ሕማማትን ዘተኰረ ሰፊሕ ጎስጓስ ይካየድ ኣሎ።

ዕላማ ናይ'ዚ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዝካየድ ዘሎ ጎስጓስ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣገባብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ፡ ሕማም ዓሶን ኣብ እዋን ክረምቲ ዝኽሰቱ ማይ ወለድ ሕማማትን ድማ ብፍላይ ክብ ብምባል ማጠን መልከፍቲ ንምቍጽጻር ከምዝኾነ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ጊላይ ሞኣዘዚ ገሊጹ።

እቲ ንኡስ ዞባ ጠንቂ ምትሕልላፍ ሕማም ዓሶ ዝኾና ጣንጡን ብዙሕ ዓይነታት ማይን ስለዘርከቦ፡ ብፍላይ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ሕማም ዓሶን ማይ ወለድ ሕማማትን ስለዝኽሰቱ፡ ነበርቲ ንኹሎም ናይ ምክልኻል ሜላታትን መምርሒታትን ብግቡእ ክኽተሉን ኮም ዝምርሖ ከባብያዊ ጽሬት ክዘውትሩን ኣተሓሳሲቡ።

ማእከል ጥዕና ጎልጅ ናብ ኮማዊ ሆስፒታል ምዕባዩ ንዝወሃብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከምዘበርኾ ዝጠቐሰ ነርስ ጊላይ፡ ሕብረተሰብ ብሰብ ሞያ ጥዕና ንዝወሃቦ ምኽሪ ክሰዕቦን ኣብ ከባቢኡ ንዘሎ ዕድላት ሕክምና ብግቡእ ክጥቀመሉን ተላብዩ።

ክኢላ ከባብያዊ ጥዕና ኣቶ ሚካኤል ጉብረሂወት ብወገኑ፡ ምብርታዕ ክረምቲ ንምርባሕ ጣንጡ ምቹእ ኩነታት ከምዝፈጥር ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ኹሉ ዕለታዊ ንጥፈታቶም፡ መራብሒ ጣንጡ ኣብ ምውጋድ ክዘጥፉን ናመሲያ ክዘውትሩን ኣተሓሳሲቡ።



## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዑደት ቀዳማይ ሚኒስተር ሱዳን ነጸብራቕ ታሪኻዊ ዝምድናታት















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ-ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቃድር

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ተኣምራታዊ ገረብ ሞሪንጋ

## ኣገባብ ኣጠቓቕማ ውጽኢት ገረብ ሞሪንጋ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

### ኣቍጽልቲ

ናይ ኣቍጽልቲ፥ መረቕ ንምስራሕ ናይ ጨንፈር ጫፍን ውልዶ ኣቍጽልትን ምጥቃም ይከኣል። ኣረግቶትን ዝቐምሰሉን ኣቍጽልቲ ከምኡ'ውን ኣብቲ ቀጽሊ ዝርከቡ ንኣሽቱ ጨናፍር ክእለዩ ይግባእ። እዞም ኣቍጽልቲ እዚኦም ደረቕ ናይ ቀጽሊ ሓርጭ ንምድላው ተመረጽቲ እዮም።

### ለቖታ ዘርኢ

ንመግቢ ተባሂሉ ዝእከብ ለቖታ ዘርኢ ገና ብሸዊቱን ብልምሉምን ከሎ ይእከብ። ብምሉኡ ድማ ክብላዕ ይከኣል። እቲ ዝፈረየ ዘረኢ ንዘይቲ ምጽማቕ ዝድለ እንተድኣ ኰይኑ፥ እቲ ለቖታ ዘርኢ ኣብቲ ገረብ ከሎ ከም ዝደርቕን ክሳዕ ዝጽልምን ክጸንሕ ይግባእ።

### ካልኦት ጥቕምታት ሞሪንጋ

- **ንመግቢ እንስሳ፥** ቀጽሊ ሞሪንጋ ልዑል ዝኾነ መኣዛዊ ትሕዝቶ ስለዘሎዎ፡ ንመግቢ ከብቲ፡ ጤለ-በጊዕ፡ ሓሰማን ማንቲለን ከገልግል ከሎ፡ ንዓሳታት ምምጋብ'ውን ይጠቅም'ዩ።
- **ንመጽረዪ ገዛ፥** ዝተወቕጠ ቀጽሊ ሞሪንጋ ኣብ ገለ ክፋል ከባቢታት ሃገር ናይጀርያ ንመሕጸቢ ናውቲ ገዛን ዒላታትን ኣገልግሎት ይውዕል።
- **ንድኹዒ፥** ዘርኢ ሞሪንጋ ተጸሚቑ ንመስርሒ ዘይቲ ክጠቅም ከሎ፡ እቲ ካብኡ ዝርከብ ፍሩስካ ድማ ንመግቢ እንስሳ ይጠቅም። ለቖታ ዘርኢ ሞሪንጋ ኣብ መሬት ምስ በስበሰ፡ ሃብታም ዝኾነ ትሕዝቶ ፕሮቲን ስለ ዘሎዎ'ውን ንድኹዒ ዘራእቲ ጠቓሚ እዩ።
- **ንዕንጸይቲ፥** ካብ ሞሪንጋ ዝርከብ ዕንጸይቲ ንመስርሒ ዓለባ ከምኡ'ውን ንመስርሒ መድሃኒትን መጣበቕን (ከም ኮላ) ይውዕል።
- **ንመጽረይ መዓር፥** ካብ ዘርኢ ሞሪንጋ ዝርከብ ድኹም ሓርጭ ንመጽረዪ መዓር፡ ብዘይ ኣብ ሓዊ ምፍላሕ ከገልግል ከሎ ከምኡ'ውን ካብ ቃንጫ ሸኮር ዝርከብ ጽማቕ ንምጽራይ ጥቕሚ ኣሎዎ።
- **ንመግቢ ንህቢ፥** ዕንባባ ሞሪንጋ ልዑል ዝኾነ ትሕዝቶ ምጸምጸ ስለ ዝርከቦ ንመግቢ ንህቢ ተፈታዊ እዩ።
- **ንግርማ፥** ገረብ ሞሪንጋ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ጎደናታትን ናይ ኣባይቲ ገደናን ከም መመልከዒ ይትከል።
- **ንቕድመ ምክልኻል ሕማማት ብቚሊ፥** ቀጽሊ ሞሪንጋ ቅድሚ ዘርኢ ምዝርኡ ኣብ መሬት ተቐቢሮም ንዝትከሉ ፈልስታት ከም መከላኸሊ (Damping off) ይጠቅም።

### ሞሪንጋ ኣሊፈራ ተኣምራታዊ ገረብ ንሕክምናዊ መድሃኒት

ኣገዳስነት ገረብ ሞሪንጋ፡ ኣብ መዳይ ባህላዊ ሕክምና ነዊሕ ዘመናት ዝገበረ ክኸውን ከሎ፡ ኩሉ ክፋል ናይዚ ገረብ ንዝተፈላለየ ባህላዊ መድሃኒት ከም ዝጠቅም ተረጋጊጹ ኣሎ። ውጽኢት ናይዚ ገረብ፡ ኣብ ባህላዊ ሕክምና ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ እስያን ኣመሪካን ብሰፊሕ ክጥቀምሉ ከም ዝጸንሑን ኣብዚ ቀረባ እዋን ከኣ ገለ ካብዞም ባህላዊ መድሃኒታት፡ ብላባራቶሪ መርመራ ድሕሪ ምግባር መረጋገጺ ዝተዋህቡን ብቑዓት ምዃኖም ዝተመስከረሎምን እዮም።

### ጥቕምታት ቀጽሊ ሞሪንጋ

- ካብ ቀጽሊ ሞሪንጋ ዝርከብ ጽማቕ፡ ኣብ ህንዲ ንደም ብዝሕን ጭንቀትን ንዘሎዎም ሰባት ክጠቅም ከሎ ኣብ ሰኔጋል ድማ ካብ ቀጽሊ ምሪንጋ ዝርከብ ጽማቕ ንሕማም ሸኮር ንምሕካም ከም ዝሕግዝ ይሕበር።
- ጽማቕ ቀጽሊ ሞሪንጋ ምስ ጽማቕ ካሮት ተሓዋዊሱ ምስታይ፡ ዓጽረ ሽንቲ ንዘሎዎም ሰባት ብጽቡቕ ከም ዝሸኑ ይገብር።
- ጽማቕ ኣቍጽልቲ ሞሪንጋ ንሕማም ቆርበት መሐከሚ ይጠቅም።
- ቀጽሊ ሞሪንጋ ሕክምና ንረስኒ፡ ሰዓል፡ ረኽሲ ዓይንን እዝንን፡ ንጉንፋዕ ንነድሪ ከስዐን መዓናጡን የገልግል።
- ውልዶ ቀጽሊ ሞሪንጋ ኣዴታት ምስ ዝምገባ ናይ ጸባ ጡብ ትሕዝቶ ይውስኽን ከምኡ'ውን ንመሐከሚ ዋሕዲ ደም ይጠቅም።

### ጥቕሚ ሰራውር ተኽሊ ሞሪንጋ

- ንተመላላሲ ረስንን ቃንዛን (against intermittent fevers) መዐገሲ ክጠቅም ከሎ ናይ ቁሪ ምልክታት ክስመዓና ከሎ፡ ውልዶ ቀጽሊ ሞሪንጋ ብምሕያኽ የዐግሰልና።
- ኣብ ኢድ ወይ እግሪ ብሰንኪ ባርዕ ሓዊ፡ ማይ ምስ ዝሙዕግ ዝተወቕጠ ሰራውር ምስ ዝጥፍጠፎ ብቐሊሉ ንምሕካም ይጠቅም።
- ሰራውር ሞሪንጋ ጀፌዕካ ወይ ቀጥቂጥካ ብምስታይ ከም ቡርጋ (purgative) ንኸስዐ መድሃኒት የገልግል።
- ንቑስልን ብሓደጋ ንዘጋጥም መጉዳእትን፡ ሰራውር ሞሪንጋ ተወቒጡ ምስ ዝጥፍጠፍ ንመሐከሚ ይጠቅም።
- ሰራውር ሞሪንጋ ተጸሚቑ ምስ ጸባ ተሓዊሱ ንዓባይ ሰዓል፡ ኣዝማ፡ ቅርጥማት ሕቖ (lumbago)፡ ንሕማም ዕርቂ፡ ንቓንዛ ሕቖ፡ ንሕማም ጸላም ከብዲ፡ ንላልሽ፡ ንውሽጣዊ ነድሪ ሰብነት ንምፍዋስ ይጠቅም።

### ጉንድን ቅላጥን (ቅራፍ) ሞሪንጋ

- ሰራውርን ቅላጥ ጉንድን ሞሪንጋ ተወቒጡ ኣብ ቁስሊ ናይ ቆርበትን ነድርን ብምጥፍጣፍ ንመሐከሚ ይኸውን።
- ጉንዲ ሞሪንጋ ተዘፍዚፉ ሓዲሩ ማዩ ብምስታይ፡ ካብ ብሕጽረት ቪታሚን 'ሲ' ዝመጽእ ሕማም ስካርቪ (Scurvy) ንምፍዋስ የገልግል።
- ካብ ቅላጥ ጉንዲ ዝርከብ ጽማቕ፡ ኣብ እዝንን ኩርምትን ብምንጣብ ንናይ እዝንን ኩርምትን ቃንዛ ንምዕጋስ ይሕግዝ። ብተወሳኺ ንፈውሲ ሃተፍተፍ ይጠቅም።

### ጥቕሚ ዕንዲዳ ተኽሊ ሞሪንጋ (GUM)

- ዕንዲዳ ሞሪንጋ ምስ ዘይቲ ሰምሰም ኣብ ርእሲ ብምንጣብ፡ ንሕማም ርእሲ መዐገሲ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ እዝኒ ብምንጣብ ድማ ከም ናይ እዝኒ ቃንዛ መዐገሲ ይጠቅም።

### ጥቕሚ ዘርኢ ሞሪንጋ (Seed)

- ንረስኒ መዐገሲ
- ዕንባባ፡ ቆጽልን ሱርን ሞሪንጋ ንዝተፈላለዩ ኣብ ሰብነት ዝፍጠሩ ጥረታት መድሃኒት ክኸውን ከሎ፡ ዘርኢ ሞሪንጋ ንናይ ውሽጣዊ ጥረታት ንምፍዋስ ከም መድሃኒት የገልግል።
- ካብ ዘርኢ ሞሪንጋ ተወቒጡ ዝተዳለወ ቢሑቕ፡ ኣብ ጡብ ኣድጊ ብምጥፍጣፍ ንምፍዋስ ይጠቅም።

### ጥቕሚ ዘይቲ ዘርኢ ሞሪንጋ (Seed Oil)

- ንሕማም ጭንቀትን ካብ ሕጽረት ቪታሚን - 'ሲ' ዝመጽእ ሕማም ስካርቪ (Scurvy) ንምፍዋስ ይጠቅም።
- ንሕማም ፍሕኛን ፕሮስተይት (Prostate)ን ዝበሃል ጽኪ ንምሕካም የገልግል።
- ከም ቡርጋ ብምስታይ ንከስዐ ምፍዋስ ይጠቅም።

### ሓርጭ ዘርኢ ሞሪንጋ ንኣገልግሎት መጽረዪ ማይ

- ሓርጭ ዘርኢ ሞሪንጋ ብተፈጥሮኡ ዝግ ናይ ምባል ባህሪ ስለ ዘሎዎ፡ ኣብ ረሳሕ (ሕርኽርኽ ዘበለ) ማይ ምስ እንብጽብጾ፡ እቲ ሓርጭ ዘርኢ ሞሪንጋ ምስቲ ሕርኽርኽ ዘብል ርስሓት ማይ ተላጊቡ ናብ ታሕቲ ገጹ ብምውራድ ዝግ ይብል። በዚ ኣገባብ ረሳሕ ማይ ናይ ምጽራይ ባህሪ ኣሎዎ። ባክተርያ ብሓፈሻ ኣብ ማይ ዘሎዎ ቦታ ምስ ተሪር ዝኾነ ባእታ ናይ ምጥባቕ ባህሪ ኣሎዎም። ሓርጭ ዘይቲ ሞሪንጋ ጌርካ ነቲ ማይ ምስ እትብጽብጾ፡ እቲ ሓርጭ ነቲ ሕርኽርክ ዝብል ርስሓት ንታሕቲ ገጹ ዝግ ስለዘብሎ፡ ዳርጋ ኩሎም እቶም ባክተርያ (90-99 ሚእታዊት) ንታሕቲ ገጾም ዝግ ይብሉ'ሞ፡ ክፋል ናይ ምጽራይ መስርሕ ይካየድ። ነዚ ማይ'ዚ ካልእ ዓይነት ምጽራይ ምስ እነካይደሉ ብዘይ ማይ ምፍላሕ ወይ ድማ ምሕዋስ ክሎሪን ምሉእ ምጽራይ ይኾነሉ ንኽንሰትዮ'ውን ውሑስ ይኸውን።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ገለ ውሑዳት ካብቶም ባህላዊ መድሃኒታት ኣብዚ ቐረባ እዋን ብሕክምናዊ ላባራቶሪ ምርምር ተጌርሎም ዝተረጋገጹ ክኾኑ ከለዉ ካብ'ዚኣቶም ንምጥቃስ፥

- ካብ ቀጽሊ ሞሪንጋ ዝርከብ ጽማቕ ብምስታይ፡ ኣብ ደም ንዝርከብ ሸኮር ብምጉዳል፡ ኣብ ውሽጢ 3 ሰዓት ርኡይ ለውጢ ከም ዝህብ ተረጋጊጹ።

- ካብ ዝነቐጸ ሰራውር ተወቒጡ ዝርከብ ጽማቕ ብምስታይ ኣብ ምፍዋስ ረኽሲ ዓቢ ውጽኢት ኣርእዩ።

- ካብ ዘርኢ ዝርከብ ፈሳሲ ንሕማም ቅርጸት ኣብ ምሕካም ዓቢ ውጽኢት ኣሎዎ።

- ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ ካብ ዘርኢ ዝወጽእ ዘይቲ ንነፍሰ-ጾራት ዝተፈላለየ ሕማማት ኣብ ምፍዋስ ከም ዝጠቅም ውጽኢት ኣርእዩ።

- ካብ ናይ ጉንዲ ቅራፍ ዝወጸ ቀመም'ውን ኣብ ምቍጽጻር ትርግታ ልቢ ዓቢ ውጽኢት ኣርእዩ።

- ካብ ሰራውር ዝርከብ ቀመም'ውን ኣብ ምሕካም ዝተፈላለዩ ረኽስታትን ምቍጽጻር ስርዓተ ደምን ከምቲ ካብ ዘመናዊ መድሃኒት ዝርከብ ክኢና ማዕረ ዝኾነ ውጽኢት ከምዘርኣየ ተረጋጊጹ።

***

*መወከሲ ጽሑፍ፦*
*ተኣምራታዊ ገረብ ሞሪንጋ*



### መኣዛ ፍረ ጻዕሪ

## መኣዛዊ ትሕዝቶ ሞሪንጋ



**ለቖታ ዘርኢ ሞሪንጋ** (Pods)፦
86.9 ሚእታዊት ጠሊ፡ 26 ካሎሪ፡ 2.5 ግራም ፕሮቲን፡ 0.1 ግራም ቅብኣት፡ 3.7 ግራም ካርቦሃይድሬት ይውንን።

**ጥሉል ቀጽሊ** (Fresh leaves)፦
75 ሚእታዊት ጠሊ፡ 92 ካሎሪ፡ 6.7 ግራም ፕሮቲን፡ 1.7 ግራም ቅብኣት፡ 13.4 ግራም ካርቦሃይድሬት ይውንን።

**ደረቕ ውቑጥ ቀጽሊ ሞሪንጋ** (Leaf powder)፦
7.5 ሚእታዊት ጠሊ፡ 205 ካሎሪ፡ 27.1 ግራም ፕሮቲን፡ 27.1 ግራም ቅብኣት፡ 38.2 ግራም ካርቦሃይድሬት ይውንን።

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Underground Mine Operations Superintendent**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

**Major Duties and responsibilities**

- Underground Mine Operations (UG) Superintendent will oversee the development and optimization of Asmara Mining Share Company (AMSC) underground Operations, contribute to and execute best contract, mining management and workflows that are fit-for-purpose to the business needs.
- The objective is to have an Underground Operations Superintendent (owner's representative) to act as a technical bridge between the owner's vision and the contractor's execution, ensuring the project is carried out effectively and responsibly using specialized and appropriately customized software and managing Resource risk to the organization.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**SHEC**

- Inspecting UG operations to determine safety hazards and potential improvements to working conditions
- Implement details of the steps involved in creating a mine rescue plan for subsurface emergencies with a comprehensive risk assessment to identify potential hazards, such as fire, roof collapses, flooding, and the release of toxic gases.
- Follow the organization's HS&E policies, procedures, and mandatory instructions to identify and mitigate environmental risks and risks to the wellbeing of oneself and others in the workplace.
- Instruct the team in safe working methods; identify instances of risky behaviors within the team and take appropriate action, escalating serious issues as appropriate.
- Ensure that all subordinates are aware of their SHEC responsibilities and follow company policies and procedures.
- Develop a risk management culture and ensure that high risk controls are in place.
- Ensure that all SHEC actions are completed on time and to the required standard.

**UG Operations**

- Execute Underground Mining projects in a cost effective and timely manner.
- Planning work schedules to ensure efficient and safe operations.
- Lead and direct mining operations contractors adhere to mining strategies, budgets, plans and safety standards.
- Develop systems to ensure that the mining contractors operate in a safe and efficient way to produce and maximize profit for AMSC.
- Organize and provide guidance to Mine Captains in the short term and long-term production profile
- Maintain and monitor systems to enable swift correction of unfavorable cost and physical variances.
- Provide leadership, training and support to ensure that employees and contractors comply with safety standards that conform with industry practice and any applicable legislative requirements.
- Reviewing mining plans to ensure they meet regulatory and statutory requirements.

**Reporting**

- Provide timely reports on activities as required by Senior management.
- Report on performance operational Targets and catchup plans when production is impeded by circumstances.
- Preparation of Technical Reports and presentations as may be required.
- Reporting (weekly, monthly, quarterly) needs to be completed on time and at a high standard.
- Develop a reconciliation system between contractor production and performance KPI and report to Mine planning.
- Identify training needs, coordinate training and report as required for all mining production staff.

**Quality**

- Ensure that all underground operations follow approved designs and are supported by quality assurance in the field.
- Following high level Mine operational requirement standards; mining equipment, geology, Geotechnical, Hydrology and mine safety procedures

**Data Collection**

- Ensure that data collection methods are sound and supported by measurable systems.
- QA/QC compliance to be delivered.

**Analysis**

- Strong analytical and problem-solving skills with a focus on profitable extraction of UG Resource
- Technical audits and evaluation, including mining methods, infrastructure, designs, schedules and financials

**Human Resource Management**

- Exceptional written and verbal communication skills with strong mentoring capabilities.
- Manage the performance of AMSC employees and mining contractors working underground.
- Identify training and development needs in line with the personal development plans and company objectives.
- Ensure that all team members are appropriately trained and assessed so that they can safely perform.
- Provide mentoring and coaching to the Eritrean workforce in grade control and related topics.
- Professional registration with Association of Professional Geoscientists. (AUSIMM, SAIMM etc.)

**Administration**

- Assist the Mining manager to develop and manage underground mining development to achieve safety and efficiency within budgeted operation costs.

*Continued on page 7*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

*Continued from page 6*

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Minimum Bachelor of Science (B.Sc.) in Mining Engineering from an internationally recognized University; M.Sc. is desirable |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 10 years' experience in Metalliferous Mining and Mineral Exploration Industry.<br>• 5+ years working experience as an Underground Mining production Engineer in a leadership role.<br>• Must have working knowledge of underground rock mechanics, Porto construction and development, mine planning, dewatering, survey and ventilation.<br>• Professional registration with Association of Professional Geoscientists body, (CIM, AUSIMM, SAIMM).<br>• Experience of expatriate mining positions. |
| Technical Skills | • Must have experience in multiple underground mining methods, explosives usage ground support and backfill placement (Both paste and waste rock).<br>• Up to date knowledge of underground mining technology and heavy production equipment.<br>• The development of strategic life of mine plans<br>• Training or education in project and operations management, safety and risk assessment are desirable.<br>• Inspecting mines to determine safety hazards and potential improvements to working conditions.<br>• Competent user of MS Office (Excel, Word & Power Point) and 3D mining software.<br>• Resolution of queries from engineering, operations, or others as applicable by providing information on complex processes and the related policies |
| Behavioral Skills | • Ability to work in a multi-cultural environment Excellent<br>• Communication and interpersonal relationship skills for effective collaboration with Ug mining contractors, geology, metallurgy, survey and other operations teams.<br>• Excellent organizational skills with a high level of attention to detail and accuracy.<br>• Ability to train and mentor team members.<br>• Commitment to maintaining safety standards.<br>• Performance management.<br>• Understands the cultural sensibilities of Eritreans.<br>• Good written and verbal English communication skills. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite (2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**

**Asmara Mining Share Company,**
**P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**

- **Applicants shall be required to send a copy to:**

**Mineral Resources Management**
**P.O. Box – 272**
**Asmara**

- **Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፥ ስጋ ከብቲ ስጡይ ስጋ ጤል ምስ ዓጽሙ፥ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፥ ጸብ ከብቲ፥ ጸብ ኒዶ፥ ዝተቓመመ በርበሬ፥ ባኒ መሰንከቲ ጣንን መጥሓኒ እኽልን
ኣሃዱ፥ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመት 2026 ዓ/ም ካብ ወርሒ 01/01/2026 ክሳብ 31/12/26 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ንዘርከባ ሆስፒታላትን ቤት ትምህርትን (ሆስፒታል ምጽዋዕ ሆስፒታል ጊንዳዕ ሆስፒታል ኣፍዓበትን ቤት ትምህርቲ ኣሰሰይት ነርስ ጊንዳዕን) ንሕሙማትን ተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለ ዝደለዩ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም። (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን ካብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርትን ይወድሱ) ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን ስብሒ ዘይብዝሖ ስጡይ ስጋ ከብቲ፥ ስጋ ጤል ምስ ዓጽሙ፥ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፥ ጸብ ከብቲ፥ ጸብ ኒዶ፥ ዝተቓመመ በርበሬ፥ ባኒ፥ መሰንከቲ ጣንን መጥሓኒ እኽልን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወሰኒ ሃገር፥ መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፥ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሳምሶም ርእሶም ቁ.ቴሌ 08534562 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፥ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ዕለት 14/10/25 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ኣብ ሆስፒታል ጊንዳዕን ቤት/ትምህርትን ክበጽሕ ኣለዎ። ሰዓት 9:45 ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት። ኣብ ዕለት 15/10/25 ኣብ ሆስፒታል ባጽዕን ሆስፒታል ኣፍዓበትን ክበጽሕ ኣለዎ። ብዕለት 15/10/25 ሰዓት 9:45 ብግልጺ ይኽፈት። ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፥ ሕጋውያን ወኪሎቶን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስሩዕ ኣሰራርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርትን ይኣቶ። ኣብ ቦታኡ በዚ ዝተገልጸ ዕለትን ሰዓትን ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንነፍሲ ወከፍ ኣጫረቲ ትካል ጥዕና፣ ኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ባኒን 20.000.00 ናቕፋ፥ ንእንቋቑሖ በርበሬ፥ ጸብ፥ መሰንከቲ ጣንን መጥሓኒ እኽልን ን10,000 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፥ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ ኑቲ ዝተዓወቱሉ መግቢ ብናቱ መጓዓዝያ፥ ናብ ዝተዓወቱሉ ሆስፒታላት የቕርብ።
10. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ሓድሽ ኩትምያ (ልዕሊ ቤተ መዘክር ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ) 3 ደርቢ ምጽዋዕ
ቁ.ቴሌ 08534562

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY Notice No. 2025/04

The United Nations Children's Fund (UNICEF) in Eritrea is inviting applications from suitably qualified applicants for the post of **Education Officer, NOB,# 132740 , Asmara-Eritrea.**

TYPE OF APPOINTMENT: **Temporary Appointment**

DURATION: **364days**

UNICEF works in some of the world's toughest places, to reach the world's most disadvantaged children. To save their lives. To defend their rights. To help them fulfil their potential. Across 190 countries and territories, we work for every child, everywhere, every day, to build a better world for everyone. **And we never give up!**

**For every child, Education!**

Under the supervision of **the Chief of section,** the Officer provides professional technical, operational and administrative assistance throughout the programming process for education programs/projects within the Country Program from development planning to delivery of results, preparing, executing, managing and implementing a variety of technical and administrative program tasks to facilitate program development, implementation, program progress monitoring, evaluating and reporting.The post incumbent is technical lead on activities under output 1 related to Early Childhood Care and Education (ECCE) and Early Childhood Development (ECD) The incumbent is responsible for supporting MoE in the implementation of interventions related to enhance access to and improve quality of ECCE and ECD services in the country including in emergencies. Further, the incumbent is responsible for coordinating the section's work on Social Behavior Change Communication (SBCC). Lastly, the incumbent will provide technical support to outputs 2 and 3 as well as any other requirement needed for efficient operation of the Education and Learning Section. The post incumbent assists in the zoba level planning, implementation and monitoring of education projects. The incumbent reports to the Chief of Education and Learning (P4).

**Key functions/accountabilities**:

**Support to program development and planning**

- Contribute to the preparation/update of situation analysis for the program sector/s for development, design and management of education related programs/projects. Research and report on development trends and (economic, social, health etc) data for use in program development, management, monitoring, evaluation and delivery of results.
- Contribute to the development/establishment of sectoral program goals, objectives and strategies and results-based planning through research, collection, analysis and reporting of education and other related information for development planning and priority and goal setting.
- Provide technical and operational support throughout all stages of programming processes by executing/administering a variety of technical, program, operational and administrative transactions, preparing related materials/documentations and complying with organizational processes and management systems, to support program planning, results based planning (RBM) and monitoring and evaluating results.

**Program management, monitoring and delivery of results.**

- Work closely and collaboratively with internal and external colleagues and partners to discuss operational and implementation issues, provide solutions, recommendations and/or alert appropriate officials and stakeholders for higher-level intervention and/or decision. Keep record of reports and assessments for easy reference and/or to capture and institutionalize lessons learned.
- Participate in monitoring and evaluation exercises, program reviews and annual reviews with government and other counterparts to assess programs/ projects and to report on required action/interventions at the higher level of program management.
- Monitor and report on the use of sectoral program resources (financial, administrative and other assets), verify compliance with approved allocation/ goals, organizational rules, regulations/procedures and donor commitments, standards of accountability and integrity. Report on critical issues/findings to ensure timely resolution by management/stakeholders. Follow up on unresolved issues to ensure resolution.
- Draft regular/mandated sectoral program/project reports for management, donors and partners to keep them informed of program progress.

**Technical and operational support to program implementation**

- Conduct regular program field visits and surveys and/or exchange information with partners/stakeholders to assess progress and provide technical support, take appropriate action to resolve issues and/or refer to relevant officials for resolution. Report on critical issues, bottlenecks and potential problems for timely action to achieve results.
- Provide technical and operational support to government counterparts, NGO partners, UN system partners and other country office partners/donors on the application and understanding of UNICEF policies, strategies, processes and best practices on education and related issues to support program implementation, operations and delivery of results.

**Networking and partnership building**

- Build and sustain effective close working partnerships with government counterparts and national stakeholders through active sharing of information and knowledge to facilitate program implementation and build capacity of stakeholders to achieve and sustain results on education programs.
- Draft communication and information materials for CO program advocacy to promote awareness, establish partnership/alliances and support fund raising for education programs.
- Contribute towards implementation and reporting on education related results under Outcome 1 of the 2022-2026 United Nations Sustainable Development Cooperation Framework Research information on potential donors and prepare resource mobilization materials and briefs for fund raising and partnership development purposes.

**Innovation, knowledge management and capacity building**

- Contribute to identifying, capturing, synthesizing and sharing lessons learned for knowledge development and capacity development of stakeholders.
- Apply innovative approaches and promote good practice to support the implementation and delivery of concrete and sustainable program results.
- Research and report on best and cutting-edge practices for development planning of knowledge products and systems.
- Participate as resource person in capacity building initiatives to enhance the competencies of clients/stakeholders.

**Other duties as assigned**

**To qualify as a champion for every child you will have:**

***Minimum requirements:***

- **Education:** First Degree in education, psychology, sociology or other social science fields is required.
- **Work Experience:** A minimum of ٢ years of professional experience in social development planning and management in education and related areas at the international and/or in a developing country is required. Relevant experience in education and related areas, program/project development and management in a UN system agency or organization is an asset.
- **Language Requirements:** Fluency in English and the local language is required. Knowledge of another official UN language (Arabic, Chinese, French, Russian or Spanish) or a local language is an asset.

**UNICEF's Core values**

- Care, Respect, Integrity, Trust and Accountability

**UNICEF's Core Competencies**

Demonstrates Self Awareness and Ethical Awareness (1); Works Collaboratively with others (1); Builds and Maintains Partnerships (1); Innovates and Embraces Change (1); Thinks and Acts Strategically (1); Drive to achieve impactful results (1); Manages ambiguity and complexity (1)

UNICEF is committed to diversity and inclusion within its workforce, and encourages all candidates, irrespective of gender, nationality, religious and ethnic backgrounds, including persons with disabilities, to apply to become a part of the organization.

UNICEF has a zero-tolerance policy on conduct that is incompatible with the aims and objectives of the United Nations and UNICEF, including sexual exploitation and abuse, sexual harassment, abuse of authority and discrimination. UNICEF also adheres to strict child safeguarding principles. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks, and will be expected to adhere to these standards and principles.

**People with disabilities are highly encouraged!**

**CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION/ EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE. PLEASE NOTE THAT COMPLETION/EXEMPTION OF NATIONAL SERVICE IS A REQUIREMENT. COPY OF CARD/EXEMPTION MUST BE ATTACHED. APPLICATIONS WITHOUT THIS REQUIREMENT WILL NOT BE CONSIDERED.**

**A more detailed version of the vacancy announcement is available on the online platform**

Candidates should submit their application by following the below link:

**https://surl.li/poyjrl**

In the online application, candidates should complete the online P11, upload their recent CV, highest academic qualifications, evidence of national service Completion and other relevant qualifications.

**Closing date of Application:** **07 days from the date of advertisement**

**Remarks: Only qualified candidates will be shortlisted and advance to the next step.**

Please note that UNICEF is a smoke-free environment.

Applicants interested in the position mentioned above can also visit the UNICEF Office, located at Hday Street, just before Asmara Palace Hotel, to submit their applications online.

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፉብሩኽ

## ብዙሕ ዓውድታት ዝመለኸ ስነ ፍልጠተኛ

ትምህርትን ምንባብን ንምውህሃዱ ንሽገርዶ? ሓደ መዓልቲ ናይ ፍልጠት ሸውሃትና ርግጥ ክብል ይፍለጠናዶ? ክሳዕ ክንደይ ኢኻ ክትመሃር እትደሊ ምፍላጥ የድልየካዶ ይኸውን? ሓደ ሰብ ሓደ ዓውዲ ጥራይ ድዩ ከጽንዕ ዝኽእል? ንምንባብ፡ ፍለጠትን ምርምርን ዝኸውን ግዜን ዕድልን ከም ዘይብልካ ክቐጽር ይከኣልዶ ይኸውን? ፍልጠትን ምርምርን ኣብ ኣንጉዕካ እንተ ኣትዩ ልክዕ ከም ወልፊ ዝሰድድ ኣይኮነን። ሊይብኒዝ ንፉዕ ኣንባባይን ስነ ፍልጠተኛን'ዩ ዝነበረ። ነዚ ሕቶታትና ኣብ ታሪኽ ህይወቱ ንረኽቦ ንኸውን፤

ፍሉይ ተውህቦ ነበሮ። ብዙሓት ኣገዳስነት ዘሎዎም ዓውድታት መለኸ። ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ክግበር ዝከኣል ዘይመስል ብቕዓት ከም ዝነበሮ ዝንገር ጎትፍሬድ ዊልሃልም ሊይብኒዝ፡ ንትምህርትታት ሕጊ፡ ስነ ሃይማኖት፡ ፖለቲካ፡ ፍልስፍና፡ ስነ ጥበብ፡ ስነ መሬት፡ ህላወን ፍልጠትን ዘጽንዕ ፍልስፍና፡ ኣልኬሚ፡ ታሪኽን ቍጽርን ማይ ኣበሎ።

ሊይብኒዝ ኣብ ሌፐዚግ - ጀርመን - ብባሕቲ ነሓሰ 1646 ተወልደ። ኣቦኡ ኣብቲ ዓዲ ዝነበረት ዩኒቨርስቲ፡ ፕሮፌሰር ሞራል ፍልስፍና ነበረ። ሊይብኒዝ ወዲ ሽዱሽተ ዓመት እንከሎ ድማ ሞተ። እታ ኣብ ህይወቱን ፍልስፍናኡን ዓቢ ግደ እተጻወተት ኣደኡ፡ ካተሪና ሽማክ፡ ከም ኣደን ኣቦን ኰይና ኣዕበየቶ። ዘይብተኽ ሞራልን ክብሪ ሃይማኖትን ዝመሃረቶ ኣደኡ'ያ ዝነበረት። ኣብ ዓመት ሞት ኣቦኡ፡ ኒኮልያ ኣብ ዝብሃል ቤት ትምህርቲ ክመሃር ኣተወ። ብቛንቋ ላቲን'ዩ ዝመሃር ዝነበረ። ኣብ ዓሰርተ ክልተ ዓመቱ ነቲ ቋንቋን ካልእን ልዕሊ ኣብ ትምህርቲ ዝመሃሮ ባዕሉ እናጸዓረ መለኾ። በዚ ተተባቢዑ ናይ ኣቦኡ ቤት ንባብ ዝነበረ መጽሓፍቲ ከንብቦ መደበ። እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሮ ዝነበረ ናይ ኣሪስቶቲል ርትዒ ይዓግበሉ ኣይነበረን። ንእኡ ከማሓይሽ ናቱ ቅድን ሓሳባትን ከማዕብል ድማ ጀመረ። እቲ ዘልዓሎ ሓቒታት ኣጽርዩ ይፈልጦ ኣይነበረን። ኪንዮ ብሓሳባትን ግምታትን ብቝጽሪ ከረጋግጾ ይኽእል ነይሩ'ዩ። ኰይኑ ግን ዝተፈላለየ ዓውድታት ዝምልከት መጽሓፍትን ጽሑፋትን ብስሰዐ የንብብ ነበረ። እዚ ስሰዐ ንባብ ክሳዕ መወዳእታ ህይወቱ ምስኡ ቀጸለ።



ብ1661 ኣብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመቱ ናብ ሊፐዚግ ዩኒቨርሲቲ ተጸንቢሩ ፍልስፍና ከጽንዕ ጀመረ። ኣብዚ ዩኒቨርሲቲ ፍልስፍና ዘይከም ስነ ቍጽሪ ጽቡቕ ገይሩ ዘስትምሃር ትምህርቲ ነበረ። ኣብዚ እዋን ደቂ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዩኒቨርሲቲ ክኣትዉ ኣይርኣይን እዩ። ኣብቲ ግዜ ንእሽተይ'ኳ እንተ ነበረ፡ ብዙሓት መሳቱኡ ግን ነበሩ። ናይ ዲግሪ (On the Principle of the Individual) ማዕርጉ ድሕሪ ክልተ ዓመት ምስ ወሰደ፡ ንኽረምታዊ ዕረፍቲ ናብ ጄና ከደ። ምስ ናይ ስነ ቍጽሪ ፕሮፌሰር ኢርሃርድ ወይገል ክላለ ዕድል ረኸበ። ንርትዕታትን ኣምራት ፍልስፍናኡን ብስነ ቍጽሪ ከረጋግጾን ክገልጾን ከም ዝቐሎ ገይሩ ድማ መሃሮ።

ናብ ሌፐዚግ ተመሊሱ፡ ብሕጊ ናይ ዶክትሬት ማዕርግ ክሰቕል ነቐለ። ኣብ ጥቅምቲ 1663 ናይ ማስተርስ ዲግሪ ድሕሪ ምርካቡ፡ ቍሩብ መዓልታት ጸኒሓ ኣደኡ ዓረፈት። ብ1666 ውጽኢት ዓወታቱ፡ 'Dissertation On The Combinatorial Art' ዝሰመዮ ስርሑ ኣሕተመ። ሊይብኒዝ፡ ሌፐዚግ ዩኒቨርሲቲ ጥሒሱ፡ ናይ ሕጊ ትምህርቱ ብደረጃ ዶክትረይት ንምቕጻል ናብ ኣልትዶርፍ ዩኒቨርሲቲ ተጸንበረ። ብ1667 ድሕሪ ምምራቑ፡ በብእዋኑ ኣብታ ዩኒቨርሲቲ መናብር ሓላፍነት ኮፍ ክብል ዕድመ ይቐርበሉ ነበረ። እንተኾነ፡ ንኹሉ ነጺጉ፡ ኣብ ፍራንክፈርት ኰይኑ በበይኑ ፕሮጀክትታት፡ ምርምራት፡ ሳይንሳዊ ጽሑፋትን ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብን ክድህስስ'ዩ ዝመረጸ። ንስቪላዊ ሕጊ ሮማውያን ኣመሓየሾ። ንኹለን ኣብያተ ክርስትያን ከስምረን ጥሙሕ ነበሮ። ንሕሳብ ቍጽሪ ተሰላስል ማሽን (ኳልኩሌተር) ክሃንጻ ጀመረ።

ሊይብኒዝ፡ ጸኒሑ ናብ ፊዚክስ ክዘንበል እዩ ዝተራእየ። ምስ ብዙሓት ምሁራት ኤውሮጳ'ውን ተራኸበ። 'New Physical Hypothesis' ዝሰመያ ሕትመቱ፡ ንምንቅስቓስ ነገራትን ዓይነታት ጸዓትን ትገልጽ መጽናዕቱ ዝሓዘት ነበረት። ጸኒሑ ጂኦሜትሪ ኣጽኒዑ። ኣፈታትሓ ሊንያር ኢኳሽን፡ ባይናሪ ኣርቲመቲክን ካልኦት መጽናዕቲታቱን በብእዋኑ ኣሕተሞ። ካብ 1673 ኣትሒዙ ኣንፈት ዝረኸበሉ ናይ ኳልኩላስ ምርምራቱ ኣጥቢቑ ሒዙዎ ነበረ። ኣብ ሰለስተ ዓመት ናይዚ ናይ ዲፈረንሼሽንን ኢንተግረሽን ቀመራትን መግለጽን ጸሓፎም። ኣብዚ እዋን ምስ ኢሳቕ ኒውቶን ተጋጨዉ። ኒውቶን ቀዲሙ ረኺቡዎ'ኳ እንተ ኾነ፡ ንግዳም ግን ከም ዘይወጽኦ'ዩ ዝንገር። ኣብዚ፡ ዓሚቝ ክርክር ኣብ ኤውሮጳ ተላዕለ። መወዳእታኡ ክልተኦም ብገርሆም ኣብ ገገዛኦም ዝረኸቡዎ ምርምራት ምዃኑ ተገልጸ።

ሊይብኒዝ ኲሉ ዝዓውዱ ተመራማሪ'ዩ ዝነበረ። ብዙሕ ምርምራትን ዘማሕየሾምን ዘየሕተሞ ጽሑፋት ድሕሪኡ ወጽኡ። ሊይብኒዝ ብዘይካ ኣብ ስነ ፍልጠታዊ ምርምራቱ፡ ንንግስነት ሃገሩ ብልቡ ኣገልገለ። ምስቲ ስነ ፍልጠታዊ ምርምራቱ ዲፕሎማት'ዩ ዝነበረ። ናይ ቋንቋ ላቲን ንፉዕ ገጣምን ንፉዕ ጸሓፊ ባዮግራፊ መጽሓፍትን ድማ ነበረ። ኣብ ሃኖቫ ብ14 ሕዳር 1716 ምስ ሞተ፡ ኣብ መዓልቲ ቀብሩ ጸሓፊቱ ጥራይ'ያ ዝተረኽበት። "ምስዚ ኲሉ ንሳይንስን ሃገሩን ዝገበሮ ኣበርክቶ፡ ከም ሓደ ሰራቒ'ዩ ተቐቢሩ፡" ብምባል ድማ መስከሩሉ።

## ምስማዕን ኣወሳስዳ ኖትን

ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ መግለጺ ነቲ ባዕልኻ ኣንቢብካ ክትርድኦ ዘጸግመካ ኣምራትን ክልሰ ሓሳባትን ብዝቐለለ መገዲ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዘለው ነገራት ብምዝማድ ዝቐርብ ኣገባብ'ዩ። እቲ መምህር፡ ካብ ዝተፈላለየ ምንጪታት ኣዋጺኡ ብዝፈኾሰ መገዲ ስለ ዝቐርቦ፡ ካብ ድሒርካ ብዙሕ መጽናዕቲ ምክያድ የድሕን። እቲ መምህር ዝያዳ ዘድህበሉ ዛዕባ ኣየናይ ምዃኑ ስለ እትፈልጥ'ውን ኣብ ፈተና ክትዕወት የኽእለካ'ዩ፣ ዝበዝሕ እዋን። ይኹን'ምበር፡ እቲ ካብ መምህር ዝወጽእ መግለጺ ኣብ እዝኒ ተመሃራይ ብልክዕ ኣይበጽሕን'ዩ።

ብሓፈሻ ደቂ ሰብ ንፉዓት ሰማዕቲ ዘይምዃንና'ዩ ዝግለጽ። ገለ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሩዎ ካብቲ ዝተባህለ 50% ጥራይ ከም እንሰምዕ፡ እቲ 20 – 30% ካብቲ ዝሰማዕናዮ ከኣ ቅኑዕ ዘይምዃኑ'ዩ ዝንገር። ነዚ ጋግ ንምጽባብ ድማ ተመሃሮ ውጽኢታዊ ኣሰማምዓን ኣወሳስዳ ኖትን ክፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ምስማዕ ንተመሃራይ ዓቢ መሳርሒኡ እዩ። ናብ ክፍሊ ቅድሚ ምምጻእ ነቲ እትመሃሮ ኣቐዲምካ ሓንሳብ ሕልፍ ምባሉን ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝተማሃርካዮ ኣንቢብካዮ ምምጻእን ነቲ ዝበሃል ዘሎ ብልዑል ቅልጣፈ ንኽትርድኦ የኽእል'ዩ።

ብመጀመርታ ካብቲ ኲሉ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓሳባትን ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ነገራትን ተፈሊኻ፡ ኣብቲ ዝበሃል ዘሎ ዛዕባ ናይ ምትኳር ባህሊ ምኹስኳስ የድሊ። ነቲ ዝበሃል ዘሎ ናይ ምስማዕን ዘይምስማዕን ሓላፍነት ዘሎካ ባዕልኻ ኢኻ። ምምሃር ኣባኻ'ዩ ዝምርኰስ። ኣብቲ ክፍሊ ኣቲኻ ክንስኻ፡ ልኡም ኴንካ ኣብ ካልእ ሓሳብ ትኹብልል እንተ ኴንካ፡ ብመጀመርታ እትውቀስ ንስኻ ኢኻ።

ምስማዕ ጥራይ ኣድህቦኻ ኣጕዲሉ ንኣእምሮኻ ናብ ካልእ ሓሳብ ከግይሾ ስለ ዝኽእል፡ ኖት ምሓዝ ኣገዳሲ'ዩ። ኖት እናወሰድካ ምክትታል፡ ናብቲ ዝበሃል ዘሎ ምሉእ ኣቓልቦ ክትገብር ይሕግዝ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ኲሎም ኣብ ክፍሊ ዝበሃሉ ሓሳባት ይርድኡኻ ማለት ኣይኮነን። ገሊኦም ልክዕ ከም እንቋቑሖ ኣብ እንኩቡተር ጸኒሖም ክጫጩሑ የድልዮም'ዩ - ኣብ ኖትካ ኣጽኒሕካ ዳሕራይ ክትርድኦም ትጽዕር።

ኖት ምውሳድ፡ ካብ መምህር ዝወጽኡ ክልሰ-ሓሳባት፡ ሓሳባትን ኣገደስቲ መግለጺታትን ኣብ ወረቐት ምቕማጥ'ዩ። ኖት ክትወስድ እንከለኻ እቲ ዝተባህለ ግዜ ምስ ወሰደ ከም ዘይትርስዖ ምርግጋጽ'ዩ። ግናኸ ኖት ክትወስድ እንከለኻ ንነፍሲ-ወከፍ ዘረባ ክኸውን የብሉን። ቀንዲስ ነቲ ዝግለጽ ዘሎ ምርድኡ'ዩ ዝግባእ። እናሰማዕካ እንከለኻ ክትዝክሮ እትደሊ፡ ሓድሽ ኰይኑ ዝተሰማዓካ፡ ዝያዳ ክበርሃልካ እትደልዮ ወዘተ. ኢኻ ኖት እትገብር። ብምስማዕ ጥራይ ብሓሕ ክመሃሩ ዝኸኣሉ ከም ዘለው ኣይትዘንግዕ። ነቲ እትሰምዖ ዘለኻ ግን ሰቕ ኢልካ ብዝመጾ ኣይተእትዎ፤ ምስ ካልእ ከተዛምዶ፡ ናተይ ርእይቶ፡ ኣረኣእያ ወይ ኣተሓሳስባኽ ከመይ እዩ... ምባል ነቲ ዝበሃል ዘሎ ንምርድኡ ዓቢ ድጋፍ'ዩ ዝህቦ።

ኖት'ውን ስለ ምውሳድ ክጸሓፍ የብሉን። ግዜ ከይወሰደ እንከሎ ክንበብ፡ ብምሉእ ሓሳባት ገይርካ እንደገና ኣጻፊፍካ ክትጽሕፎ፡ ተወሳኺ መግለጺታት ዘድልዮ እንተኾይኑ መጻሕፍቲ ኣንቢብካ ከተሀብትሞ፡ ነቶም ኣውራ እትብሎም ነጥብታት ምልክት ክትገብረሎም፡ ዘይተረድኣካ ክትሓትት፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ጽማቝ ጽሒፍካ ስምዒት ብዝህብ መገዲ ከተዳልዎ የድልየካ። ብፍላይ ግዜ ከይወሰደ እንከሎ እንተኾይኑ ካብ ምድርራብ መጽናዕቲ ምሒር'ዩ ዘገላግል።

### ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: "Here is a math problem. If your dad earned $300 dollars a week and he gave your mother half, what should he have?"

Student: "A heart attack."

***



ሜሪ ማና

## ቍጽሪ ብኸመይ መሳጢ ንገብሮ?

1. ምሉእ ትርጉም ናይቲ ኣርእስቲ ንተምሃሮ ምሃብ
2. ብዝቐለለ መሰረት ዘትሕዝ ኣብነት ጀምር
3. ፈጠራን ስምዒት ዋንነትን ክትቅስቅስ ምኽኣል
4. ቀልቢ ተመሃሮ እትገዝኣሉ ኣገባብ ምንዳይን ምኽታልን
5. መሰጥትን ኣካታዕትን፡ ካብ መጽሓፍ ወጻኢ'ውን ክኹኑ ይኽእሉ፡ ሕቶታት ምድላው
6. ተማሃሮኻ ሕቶ ባዕሎም ከም ዘዳሉዎ ምግባር
7. ንተማሃሮኻ ናይታ ትምህራ ዓውደ ትምህርቲ ቍጽሪ ጆርናል ክጽሕፉ ምድራኽ
8. ፕሮጀክት ምሃብ

መም. ስተላ መሓረና

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ንሰባት በቲ ክኾኑ ዝብህግዎ እናሓሰብካ ቅረቦም፣ ናብቲ በጺሖሞ ዘይፈልጡ ናይ ምግባር ዓቕሞም ንኽበጽሑ ኸኣ ሓግዞም።"

- Goethe

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ደቂ-ኣንስትዮ

ሃማደኤ

# ቀለብ

ሚርያም ዮሴፍ

*ክቡራት ኣንበብቲ፡ ከምቲ ዝምዱ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንቀለብ ብሓፈሻ ንቐለብ ቆልዓ ከኣ ብፍላይ፡ ዝምልከት ኣርእስቲ ሓዛ ቀሪባ ኣሎ። ኣብዚ ኣርእስቲ ሞያዊ መብርሂ ትህበና ድማ ወ/ሮ ግርማዊት ኣፈወርቂ ዳኛ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣስመራ እያ። ሰናይ ንባብ-*

**ትርጉም ቀለብ እንታይ እዩ?**

ቀለብ ማለት ሓደ ናይ ምቕላብ ግዴታ ዘለዎ ሰብ፡ ነቲ ዝቕልቦ ሰብ ክናብዮ ወይ ክጥወሮ ከሎ ማለት እዩ። እዚ ማለት፡ ነቲ ንመዓልታዊ መነባብሮኡ ዝኸውን መሰረታዊ ጠለባት ምምላእ የጠቓልል። ንኣብነት፡ ናይ መግቢ፡ መጽለሊ፡ ክዳን፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ጠለባት ምጥቃስ ይከኣል። ቀለብ ብሕጊ ዝመጸ ግዴታ ኮይኑ፡ ካብ ዘለና ስድራቤታዊ ዝምድና ድማ ይመጽእ።

**ስለምንታይ እዩ ቀለብ ዝሕተት?**

ቀለብ ብቐንዱ ካብ ምህላው ስድራቤታዊ ዝምድና ዝምንጩ እዩ። ስድራቤታዊ ዝምድናታት ድማ ብሰለስተ መገድታት እዩ ዝምስረት። እቲ ቀዳማይ ዓጽመ ስጋዊ ዝምድና እዩ። እዚ፡ እቲ ኣብ መንጎ ኣሕዋት፡ ወለዲን ውሉዳትን ዘሎ ዝምድና የጠቓልል። እቲ ካልኣይ ድማ ብመውሰቦ ዝመጽእ ዝምድና ኮይኑ፡ ንተጻመድትን ወጽኢት መውሰቦ ዝኾኑ ኣካላትን ይሓቍፍ። ሳልሳይ ዝምድና ድማ ብውዲ ጥበንት ወይ ብምርዓም ዝምስረት ዝምድና እዩ። ሓደ ኣገዳሲ ወጽኢት ናይዚ ዝተጠቕሰ ዝምድናታት ድማ ናይ ምጥዋር ወይ ናይ ምንባይ ግዴታ እዩ። ናይ ምቕላብን ምንባይን ሓላፍነት ኣብ ትሕቲ ሕጊ ሓደ ግዴታ እዩ። እዚ ማለት እቲ ዝቕልብ ኣካል ነቲ ተቐላቢ ንመነባብሮኡ ኣገዳሲ ዝኾነ ቀረብት ክቕርብ ወይ ክምጠው ግዴታ ይህልዎ። ዝበዝሐ ግዜ ቀለብ ክበሃል ከሎ፡ ቀለብ ቆልዓ ጥራይ ይመስለና ይኸውን። ቀለብ ግን ክጽዋዑ ዝኽእሉ ትርጉምን ሸፈነን ዘለዎ እዩ። ኣብ ሕግኻ'ውን ከም ወጽኢት ናይዚ ዝተጠቕሰ ዝምድናታት፡ ክቕለቡ ኣለዎም ኢሉ ዘስፈሮም ኣካላት ብዙሓት ክኾኑ ከለዉ፡ ቆልዓ ድማ ሓደ ካብኦም ምኳኑ ይጠቅሱ።

**ዓይነት ቀለብ እንታይ እዩ ዘጠቓልል?**

መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዓንቀጽ 807፡ ሓደ ናይ ምጥዋር ግዴታ ዘለዎ ሰብ ነቲ ዝቕለብ ሰብ ንዕለታዊ መነባብሮኡ ዝኸውን መሰረታዊ ጠለባት ናይ ምቕራብ ግዴታ ከም ዘለዎ እዩ ዝገልጽ። ኣብዚ ክንጸር ዘለዎ፡ ሓደ ናይ ምቕላብ ግዴታ ዘለዎ ሰብ፡ ዝተጋሕ ናይ መጋጻ. ቀረብት ናይ ምምላእ ግዴታ ግን የብሉን። ብተወሳኺ፡ ዓይነት ናይ ቀለብ ምስ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኩነታትን ተጠዋሪ ዝነበሮ ክብርን ይጽሎ። ንኣብነት፡ ኣብ ከተማ ዝቕመጥ ሰብ፡ ኣብ መዓልታዊ ሂወቱ ዘድልዮ መሰረታዊ ጠለባት ምስ ሓደ ኣብ ገጠር ዝነብር ሰብ ሓደ ዘይኮነውን ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ዓይነት ቀለብ ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ ግን ዓይነት ቀለብ ኩሉ ንምንባር፡ ማለት መግቢ፡ መጽለሊ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ መጓዓዝያን ካልኦትን ዘድሊ ጠለባት ኮይኑ፡ ንዓቕሚ ጠዋሪ ኣብ ግምት ዘእተወ ኮይኑ ክቕርብ ከሎ ማለት እዩ።

**ዝጥወር ወይ ዝቕለብ ሰብ ኣብ ከመይ ኩነታት ዘሎ እዩ?**

ኣብ መ/ሲ/ሕ/ዓ 812- ሰፊሩ ከም ዘሎ፡ ዝጥወር ሰብ ንኽጥወር ኣብ ኣድላይነት ዘሎ'ን ሰራሒ ድማ ክነብር



ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ምስ ዝህሉን እዩ። ብመሰረት ሕግና ንኣብነት፡ ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ብሓፈሻ ቀለብ የድልዮም እዩ። ስለዚ፡ ወለዲ ብቐዳማይ ደረጃ ንደቆም ናይ ምቕላብ ሓላፍነት ኣለዎም። ዕድመ ኣብ ዝወሰኽሉን ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝጸንሑሉን ግዜ'ውን እንተኾነ ዋላ እኳ ይጉብዙ እንተኾኑ፡ ብምኽንያት ትምህርቲ፡ ክሰርሑ ዕድመኦም ነካ ኩነታቶም ስለ ዘየፍቅድ፡ ወለዲ ናይ ምጥዋር ሓላፍነት ይህልዎም። ኣብቲ ካልእ ዝጠቐስናዮም ዝምድናታት'ውን ብተመሳሳሊ፡ እቲ ንኽጥወር ኣብ ኣድላይነት ዘሎ ሰብ ቀለብ ናይ ምርካብ መሰል ይህልዎ።

**ዓቐን ናይ መናበዪ ወይ ቀለብ ብኸመይ እዩ ዝውሰን?**

ብመሰረት መ/ሲ/ሕ/ዓንቀጽ 813፡ እቲ ዝኸፈል ገንዘብ ይኹን ዝቕረብ ቀረብ ምስቲ ጠለባት ናይ ተጠዋሪን፡ ዓቕሚ ናይ ጠዋርን ዝመጣጠን ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ጠለባት ተቐባሊ ከም ዝተኣተዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዓቕምን ኩነታትን ናይቲ ዝቕልብ ኣካል ድማ ክርአ ግድነት እዩ። ስለዚ፡ ዓቐን ናይ ቀለብ ክውሰን ከሎ፡ እቲ ዝናበ. ሰብ ዘለዎ ኣታዊታት ተረጂእዮ፡ ዘለዎ ካልእ ናይ መነባብሮ ሓላፍነት ኣብ ግምት ኣትዩ'ዩ ቀለብ ዝኸፈል። በዚ መሰረት፡ ዓቐን ናይ ቀለብ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝተፈላለየ ይኸውን። ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ ዝመጽእና ሕቶ'ውን ምውሓድ ናይ ቀለብ ቆልዓ እዩ። ብዙሕ ግዜ፡ ዝውሰን ማጠን ገንዘብ ውሑድ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ምኽንያት ግን ካብ መሰረታዊ ኣታዊ ናይቲ ሰብ ተተሚኑ ዝውሰን ስለ ዝኾነ እዩ።

**ፍሉጥ ዝኾነ እቶት ናይ ዘይብሉ ወይ ብማሕልታዊ ሽቕለት ዝናበር ሰብ፡ ማጠን ናይቲ ክቕልቦ ዝሕተቶ ብኸመይ ይወሰን?**

ፍሉጥ እቶት ዝይብሉ ሰብ፡ ኣብዘን ዝሰርሓለን መዓልታት ዝረኸቦ ኣታዊታት ተረጂእዩ ብዝውሓደ ገምጋም ይውሰን። ኣብ ግዜ ፍትሕ፡ ዝበዝሐ ግዜ ውሳነ ቀለብ ብዘመድ ሽማግለ እዩ ዝፍጸም። ዘመድ ሽማግለ ንወማዮውን ዘይወማዮውን ኣታዊታት ናይቶም ተኻራኸርቲ ናይ ምፍላጥ ልዑል ተራ ስለ ዘለዎም፡ ካብቲ ኣታዊታት ተገምጊሙ ከም ዝኽፈል ይግበር። ናይ ቀለብ ሕቶ ካብ ሓዳር ወጻኢ. ናይ ዝውለድ ቆልዓ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ቤት ፍርዲ ገምጋም ኣታዊታት ናይ ጠዋሪ መጽናዕቲ ብምኽያድ ማጠን ቀለብ ናይ ምውሳን ተራ ይጻወት።

**ዓቐን ናይ ቀለብ ሓንሳብ ምስ ተወሰነ ዳግማይ ክኸለሰ ማለት ክጎድል ወይ ክውሰኽ ይከኣልዶ?**

ይከኣል እዩ። ዓንቀጽ 814 ናይ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ፡ እቲ ዝኸፈል ገንዘብ ክለሳ ክግበረሉ ከም ዝከኣል ኣስፊሩዎ ኣሎ። ንኣብነት፡ ንኣታዊታት ናይ ጠዋሪ ኣብ ግምት ኣእቲዩ ኣብ ሓደ እዋን ዝተወሰነ ማጠን ቀለብ፡ ምስ ግዜ፡ ጠዋሪ ኣታዊታቱ ካብ ዝነበሮ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ይወሰኽ እሞ፡ ተጠዋሪ ዓቐን ቀለብዩ ይወሰኸለይ ክብል መሰል ኣለዎ። ብኣንጻሩ ኣታዊታት ናይ ጠዋሪ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምስ ዝጎድል እሞ ንዓቕሚ ጠዋሪ ብኣሉታ ምስ ዝጸሉ'ውን፡ ናብ ቤት ፍርዲ ወይ ዘመድ ሽማግለ ብምምልካት፡ ዓቐን ዝኸፍሎ ቀለብ ክጎድለሉ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎ። እዚ ኩሉ ግን ብመርትዖታት ዝተሰነየ ክኸውን ይግባእ።

**ንመናበዪ ዝተወሰነ ቀለብ ንኻልእ መዓል ከም ትሕጃ ክትሓዝ ብዓይኒ ሕጊ ከመይ ደርኡ?**

ናይ ቀለብ ገንዘብ ካብ ዘለዎ ኣገዳስነት ዝተላዕለ ከም ትሕጃ ክትሓዝ ንኻልእ መዓል ክውዕል ነካ ክመሓላለፍ ኣይክእልን እዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ዝቕልብ ሰብ ንምግዚት ናይ ሓደ ዝቕለብ ትሕቲ ዕድመ ገንዘብ ዝእውዳ ወይ ትእውዶ ክኸውን ይኽእል። እዚ ዓቐን ገንዘብ ካብቲ ቀለብ ናይ ትሕቲ ዕድመ ብምጉዳል፡ ዕዳኦም ክይቓቐሰሉ ምስ ዝሕተት፡ ሕጊ ኣየፍቅድን እዩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ቀለብ መሰረታዊ ጠለባት ንምምላእ ዝምጦ ክሳብ ዝኾነ፡ ብዋጋ ናይቲ ዝቕለብ ሰብ ዝግበር ስምምዓት ቅቡል ኣይኮነን። እዚ ጉዳይ ኣብ ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ድማ ብፍላይ፡ ረብሓ ናይቲ ተጠዋሪ ህጻን ብቐዳምነት ስለ ዝስራዕ፡ ካብ ንቐለብ ተባሂሉ ዝውሰን ገንዘብ ኣብ ካልእ መዓል ክውዕል፡ ከም ትሕጃ ክትሓዝ ነካ መኽፈሊ. ዕዳ ክኸውን ሕግና ኣየፍቅድን እዩ።

**ብርግጽ እዚ ዝገለጽክልና ኣገባብ ካልእ ኣማራጺ ናይ ጥወራ/ቀለብ ኣሎ ድዩ?**

ብዙሕ ዘውትር ደኣ ኣይኮነን እምበር፡ ካልእ ኣማራጺ'ውን ኣሎ። ዓንቀጽ 818 ከም ዘጽርር፡ ሓደ ጠዋሪ እቲ ንመናበዪ ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ክንዲ ምኽፋሉ፡ ዘለዎ ግዴታ ንምፍጻም ነቲ ተጠዋሪ ናብ ገዝኡ ብምምጻእ ናይ ምእላይ ግዴታኡ ክፍጽም ይኽእል እዩ። እንተኾነ፡ ተጠዋሪ ዝኾነ ንምምገቢ ግዴታ የብሉን። ኣብ መንጎ ጠዋርን ተጠዋርን ዝኾነ ዘይምስምማዕ ምስ ዘጋጥም ድማ፡ ቤት ፍርዲ ክውስኖ ይኽእል እዩ።

**ናይ ምቕላብ ግዴታ ንምሉእ ዕምሪ ዝኸይድ ድዩ ወይ ገደብ ግዜ ኣለዎ?**

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ፡ ናይ ምቕላብ ግዴታ ሕጋዊ ግዴታ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ኣብ መንጎ ተቐላብን ቀላብን ዘሎ ዝምድና፡ ናብ ናይ ብዓል ዕዳን ብዓል መሰልን ዝምድና ይቕየር። እንተኾነ እዚ ናይ ብዓል መሰልን ዕዳን ዝምድና ንዕምሪ ምሉእ ዝቕጽል ኣይኮነን። ደው ዝብለሉ ምኽንያታት ኣሎ። ሓደ ካብኡ፡ ተጠዋሪ ሰሪሑ ክነብረሉ ኣብ ዝኽእለሉ ደረጃ ምስ ዝበጽሕ እዩ። ሓደ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ሰሪሑ ክነብር ዘይክእል ሰብ፡ ቀለብ ክሓትት ይኽእል እዩ። ኣብ ሰሪሑ ኑብሱ ዝኽእለሉ ደረጃ ምስ ዝበጽሐ ግን፡ ጠዋሪ ናይ ምቕላብ ግዴታ የብሉን።

ካልኣይ ምኽንያት፡ ጠዋሪ ንተኣላዩ ከቢብሪሉ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ምስ ዝህሉ'ዩ። ሓደ ቀላቢ በቲ ዘለዎ ዝምድና ጥራይ ንምሉእ ዕምሩ ክቕልብ ግዴታ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ክቕልብ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ክቕልበሉ ዝኽእል ደረጃ ክህሉ ኣለዎ። ንኣብነት፡ ሓደ ኣቦ ወይ ናይ ምቕላብ ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት፡ ማለት ብሰንኪ. ሕማም፡ ዕብየት ወይ ስእነት፡ ኣብ ናይ ምቕላብ ደረጃ ምስ ዘይህሉ ሕጊ ኣየገድዶን እዩ።

እቲ ሳልሳይ ምኽንያት ድማ፡ ተኣላዩ ኣብ ልዕሊ. ጠዋሪ፡ ቤተሰብ ጠዋሪ ወይ'ውን ንብረት ናይ ጠዋሪ ገበን ምስ ዝፍጽም ወይ ክፍጽም ምስ ዝፍትን፡ ተቐባሊ. ናይ ምቕላብ መሰሉ ደው ይብል።

**ዝተወሰነ ማጠን ቀለብ ኣብ ግዚኡ ምስ ዘይወሃብ፡ ንጠዋሪ እንታይ መቕጻዕቲ ኣለዎ? ተጠዋሪኸ ኣብ ቅድሚ ሕጊ እንታይ መሰላት ኣለዎ?**

እዚ ኣብ ሲቪላዊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ገበናዊ ሕጊ'ውን ሰፊሩ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ሓደ ናይ ምቕላብ ግዴታ ዘለዎ ኣካል፡ ሓላፍነቱ ምስ ዘየተግብር፡ ብዓንቀጽ 625 ናይ ገበናዊ ሕጊ ተሓታቲ ይኸውን። ብዘይካ እዚ ግን፡ ቀለብ ቆልዓ ብቤት ፍርዲ ነካ ብሽማግለ ይወሰን እሞ፡ ኣብ ኣከፋፍላ ብዙሕ ሓለፍ ዘለፍ ይርአ እዩ። ንኣብነት፡ ንሓደ ዓመት በቲ ዝተወሰነ ማጠን ቀለብ ክኽፈል ይጸንሕ እሞ፡ ኣብ ገለ ግዜ ድማ ደው ይብል። ቀለብ ኣብ እዋኑ ምስ ዘይክፈል እሞ ድማ ናብ ቤት ፍርዲ ወይ ዘመድ ሽማግለ ጥርዓን ምስ ዝመጽእ፡ ወህሉል ናይቲ ዘይተኸፍለ ናብ ተቐባሊ. ክወሃብ ግዴታ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ሓንቲ ንወሉዳ ቀለብ ናይ ምሕታት መሰል ዘለዋ ኣደ፡ ንዋሕስ ዓመታት ሕቶ ቀለብ ከየቕረበት ትጸንሕ እሞ፡ ኣብቲ ትሓተተሉ እዋን ናይ ዝሓለፈ. ዓመታት ቀለብ ክትሓትት ብሕጊ ዝኽኣል ኣይኮነን። ካብ ዝሓለተትሉ እዋን ጀሚሩ ጥራይ ግን ቀለብ ቆልዓ ናይ ምርካብ መሰል ይህልዋ። ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ቀለብ ምስ ዝኸውን ግን፡ ውሳኔ ክኸበር ስለ ዘለዎ፡ ክኽፈል ግዴታ ይኸውን።

**ጉዳይ ቀለብ ቆልዑ ሓደ ካብቲ ብዝበዝሐ. ብደቂ ኣንስትዮ ዝቐርብ ሕቶ እዩ። ኣብዚ ጉዳይ፡ ናብ ወለዲ ብሓፈሻ ናብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ብፍላይ ኣመልኪትኪ. እተቕርብዮ ለበዋ እንታይ ኣሎ?**

ጉዳይ ቀለብ ንደቂ ኣንስትዮ ወይ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝምልከት ኣይኮነን። ንኹልቲኦም ወለዲ ብማዕረ ዝምልከት ጉዳይ እዩ። ኣብ ትሕቲ ሓዳር ይኹን ካብ ሓዳር ወጻኢ፡ ቆልዓ ምስ ዝውለድ፡ ነቲ ብናይ ክልተ ተጻመድቲ ውሳኔ ዝተወልደ ቆልዑ ናይ ምንባዩ ሓላፍነት ክወስዱ ግዴታ እዩ። ሕቶ ቀለብ ናብ ኣደ ጥራይ ዝዘዘወሉ ምኽንያት የለን። ብፍትሕ ነካ ብኻልእ ምኽንያት እዚ ማሰል ምስ ዝንፈግ ግን፡ ሕጊ ቀለብ ናይ ምሕታት ማሰል ይህበና። እዚ ድማ ነታ ጾር ትሰከም ኣደ፡ ብቐንዱ ከኣ ነቲ ውላድ ካብ ወጻዓ ንምግልጋል እዩ። ኣደ ቀለብ ኣብ ትሓተተሉ እዋን ግን፡ በቲ ሕግኻ ዝበሎ መሰረት ተቐይዳ ክትሓትት ይግባእ። እዚ ድማ፡ ቀለብ መዓስ ንመን እንታይ ክትሓትት ኣለዋ ብጎበእ ፈሊጣን ግቡእ መርትዖታት ሒዛን ክትቀርብ ኣለዋ። ብሓፈሻ ግን ኣብ መንጎ ወለዲ ዘሎ ናይ ቀለብ ክርክር፡ ብቐንዱ ጉዳይ ናይ'ቶም ዝወለድዎም ውሉዳት ምኳኑ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ቅድሚ ቤት ፍርዲ ዝበጽሕ ዝዓለዩ ፍታሕ ድማ ሕልና እዩ። ስለዚ ወለዲ፡ ኣብ ክርክር ከይኣተና ንዝወለድናዮም ቆልዑ ዘለና ናይ ምንባይ ሓላፍነት ክንስከም ይግባእ።

---

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09፡05 | ሃሎ ቆልዑ |
| 09፡40 | ዶክመንት |
| 10፡35 | ፓኖራማ |
| 11፡00 | ለሰ ስፖርት |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡55 | ጩራ ጥዕና |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | መልሲ ኣብ መስመር (ቀጥታ) |
| 14፡30 | ናትራን |
| 17፡00 | መደብ መኣዝን ልምዓት |
| 17፡35 | መደብ ሳይዳ |
| 18፡35 | ደረት ቃና |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | ፊልም ዳምር |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ተክ-ኢንሳይት |
| 22፡00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22፡10 | ደርፌታት |
| 22፡30 | ዜና(እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሻምፒዮን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል 2025 ጽባሕ ክዛዘም'ዩ!

ካብ 18 መስከረም ዝጀመረ ውድድር ሻምፒዮን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል 2025፡ ዝሓለፈ ቀዳመን ሰንበትን'ውን ኣብ ናይ ፓራ-ባድሚንቶ ብኽልቲኡ ጾታ ውድድራት ተኻይዱ።



በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ፓራ-ባድሚንቶን ውድድራት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ወብት ሃይለ ንሰላማዊት ተ/ሚካኤል 2-ብ0፡ ሰላማዊት ተ/ሚካኤል ንናጽኑት ኣስካለ 2-ብ0 ረቲዐናኣን።

ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ በረኸት ሃ/ሚካኤል ንመድሃኔ ኢትባርኽ 2-ብ0፡ ዘርእሰናይ ገ/ሚካኤል ንተኽሊት ወ/ሃንስ 2-ብ0 ረቲዖምዎም። ብዘወሳኺ፡ ኣብ ናይ ዓረብያ ስንኩላን (wheel chair) ውድድራት፡ ኣንገሶም ሃይለ ንዞሚካኤል ተወልደ 2-ብ1፡ ሓይልኣብ ኢልያስ ንድራር ጸጋዶ 2-ብ0 ስዒሮምዎም።

ሻምፒዮን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ሰንበት 12 ጥቅምቲ፡ ኣብ ሰዓታት ቀድሚ ቀትሪ፡ ኣብ ጂምናዝዩም ሃማመተኤ ናይ መዛዘሚ ግጥማት ከካይድ'ዩ፡ ከሉ'ኹም ኣፍቀርቲ ጸወታ ባድሚንቶን ድማ ንኽትሳተፉ ብኽብሪ ይዕድም።

## ግላስነር 'ናብ ባየር ወይ ዩናይትድ ክኸይድ'ዩ' ንዝብል ወረ ይነጽግ

ባየር ሙኒኽን ማንቸስተር ዩናይትድን ኣስትርያዊ ኣሰልጣኒ ኦሊቨር ግላስነር ንክሪስታል ፓላስ ገዲፉ ናብ ክለቦም ንምምጻእ ይሓስብ ከምዝለው ድሕሪ ምሕባሮም፡ ካብ ደቡብ ለንደን ክወጽእ ከምዘይደሊ ብምግላጽ ነጺግዎ።

ግላስነር ኣብ ለካቲት 2024 ኣብ ሜዳ ሰልሃርስት ፓርክ እግሩ ካብ ዘንበረ፡ ኣብ ፓላስ ዓቢ ለውጢ ዘምጽአ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ ግንቦት ጋንታኡ ንማንቸስተር ሲቲ ብምስዓር ዋንጫ ኤፍኤ ካፕ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ድማ ንሊቨርፑል ብፍጹም ቅላዕ ብምስዓር ኮሚኒቲ ሺልድ ክትዓትር ኣኽኢሉዋ'ዩ።

እዚ ዓወታት እዚ ተገናጺፉ ክነሱ፡ ኾነ ምስ ፓላስ ሓድሽ ውዕል ብዘይምፍራሙ ድማ፡ ምስ ካልኦት ክለባት ብፍላይ ድማ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ውዕል ክካይድ



ምትእስሳራት ፈጢሩ ኣሎ ዝብል ወረ ተናፈሰ። ብዘይካ'ዚ፡ ባየር ሙኒክ ካብ ኣሰልጣኒ ቪንሰንት ኮምፓኒ ክትፈላለ እንተመሪጻ፡ ምስኡ እውን ክጽንበር ተኽእሎ ከም ዘሎ እዩ ተወሪዩ።

ግላስነር ኣብ ሃገሩ ኣስትርያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምዝንጋዕ ጸምባል "ስፖርቲልፍ ጋላ"፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ዝብል ጸዋእ ድሕሪ ምቕባሉ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ሓደ ሰብ፡ ኣሰልጣኒ ባየር ሙኒክ ክትከውን ትደሊ ኢኻ ኢሉኒ። ሰባት ምሳይ ከይተዛረቡ፡ እንታይ ከም ዝደሊ ክፈልጡ ምኽሎም የስሕቐኒ'ዩ። ብዙሕ ተኸታታሊ ሚድያታት ኣይርእዩን። ምኽንያቱ ብዙሕ ዕሽነት ዝተሓወሶ ዘዩድሊ ጽሑፋት ከምዝቐርብ ኣስተብሂለ'የ" ኢሉ።

ካብ ክለባት ፕሪመርሊግ ከሰልጥና ዝደሊ ክለብ እንተላ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ "ዝኾነት ክለብ ምጥቃስ ፍትሓዊ ኮይኑ ኣይስመዓንን፡ ምኽንያቱ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክለብ ብሉጽ ኣሰልጣኒ'ሎ። ስለዚ ብዛዕባ ከምዚ ዓይነት ነገር መግለጺ ክህብ ኣይደልን'የ።" ብምባል ምላሽ ሂቡ።

እዛ ብኣርማ ንስሪ እትልለ ክለብ፡ ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣንነት ግላስነር፡ ቀድሚ ኣብ ፕሪመርሊግ ብኤቨርተን 2-ብ1 ምስዓራ፡ ኣብ ኩሉ ውድድራት ኣብ ዘካየደቶ 19 ግጥማት ከይተሳዕረት ወጺኣ እያ።

## ኦሊቨር ጂሩድ ካብ ሊለ ጥሮታ ክወጽእ እዩ

ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ኦሊቨር ጂሩድ ካብ ለለ ጡረታ ክወጽእ መደብ ከምዘለዎ ገሊጹ።

እዚ ወዲ 39 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ናይ ኩሉ ግዜ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ብምዃኑ ኣብ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ሊግ ኤምኤልኤስ (Major League Soccer) ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ክረምቲ'ዩ ናብ ፈረንሳዊት ሊግ 1 ተመሊሱ። ዋላ'ኳ ለለ ውሕስቲ ክሉብ ኣይትኹን፡ ጂሩድ ኣብዛ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ህይወቱ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዝኾነት ክሉቡ ብምስትምቓር ክሩሓዋ ከምዝደሊ ኣረጋጊኡ።

ብዘወሳኺ፡ እዚ ተዓዋቲ ዋንጫ ዓለም 2018 ዝኾነ ፈረንሳዊ፡ ንኣስታት ክልተ ዕቑድ ምስ ኩዕሶ እግሪ ዝጸንሖ ጉዕዞ ከም ዝዛዘም ኣተንብሀ። ኣቐዲሙ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል፡ ቸልሲን ኤሲ ሚላንን ዝነበረ ጂሩድ፡ ድሮ ኣብ ሸሞንተ ጸወታታት ሰለስተ ሸቶታት ብምምዝጋቡ፡ ኣብ ሊግ 1 ልዑል ስም ዘለዎ ተጻዋታይ'ዩ። ብዛዕባ መጻኢ መደቡ፡ ክዛረብ ከሎ ድማ፡ "እዛ ዓመት፡ ብኣተኩሮ ክጻወት'የ፡ ብዓወት ክዛዘም'ውን ተስፋ እገብር። ብርግጽ ድማ፡ ለለ ናይ መወዳእታ ጋንታይ ክትከውን'ያ" ኢሉ።

ጂሩድ ኣብ 2012 ዋንጫ ሊግ 1ን ወርቃዊ ሳእንን ክዕወት ክኢሉ'ዩ። እዚን ዝርከበን ዓወታት ንክለባት ዓዲ እንግሊዝን ጣልያንን መንገዲ ብምጽራጉ፡ ምስ ኣርሰናል፡ ቸልሲን ኤሲ ሚላንን ዓበይቲ ዓወታት ክጎናጸፍ ኣኽኢልዎ'ዩ።



## ታርኮቭስኪ ምስ ኤቨርተን ዝጸንሖ ውዕል ኣናዊሑ




እንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ኤቨርተን ጀምስ ታርኮቭስኪ፡ ተወሳኺ ናይ ክልተ ዓመት ውዕል ፈሪሙ።

እዚ ወዲ 32 ዓመት ተኸላኻላይ፡ ዚ ውዕል ምንዋሑ፡ ንግጥማት ሊግ ኤውሮጳ ዝጸለመ ከይተካ ኣይክተርፍን'ዩ። ታርኮቭስኪ፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2022 እዩ ካብ በርንሊ ናብ ኤቨርተን ብናጻ ምስግጋር ተጸንቢሩ። ኣብ ኩሉ ዝተኻየደ ውድድራት ድማ ኣብ 128 ጸወታታት ብምስታፍ፡ ኣርባዕተ ሸቶታት ከመዝግብ ክኢሉ። ታርኮቭስኪ፡ መዘዙት ምክትል ሓለቓ ጋንታ እውን ሐዚ ኣሎ።

ምስዛ ጋንታ ልዕሊ ሰለስተ ዓመት ዝሐበረ ታርኮቭስኪ፡ ኣብ ፕሪመርሊግ ኣብ 116 ዓበይቲ ውድድራት ወኪሉዋ'ዩ። በዚ ከኣ ድሕሪት 120 ጸወታታት ዝወከለ ጆርዳን ፒክፎርድ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይርከብ። ታርኮቭስኪ ንኤቨርተን ሊግ ኤውሮጳ ንኽጸውታ ዕላማ ከም ዘለዎ ይዛረብ።

"ኣብ ገለ እዋናት፡ ልዑልን ትሑትን ደረጃታት ዘለዎም ዓመታት ኢና ሓሊፍና። ሕጂ ከኣ ነቲ ከቢድ እዋን ክንሓልፎ ክኢልና ኢና፡ ተስፋ ንዝብር ናብ ዝያዳ እወታዊን መሳጥን ግዜ ክንኣቱ። ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ምጽዋት ናይ ኩሉ ግዜ ህርፋነይ እዩ ነይሩ። ኣብ መጻረዪ ምስ በርንሊ ሓጺር ግዜ'የ ጸኒሐ፡ ናብ ምድብ ግን ኣይበጽሕናን። ስለዚ ናብኡ ክበጽሕ'የ ዝምነ። ክሳብ ሕጂ ድማ ጸቢቕ ጀሚርና ኣለና። ብርግጽ ከኣ ናብቲ ናይ ኤውሮጳ ቦታታት ኣቲና ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ናብዚ ሓድሽ ስታድዮምና ንምምጻእ ንጽዕር ኣለና" ኢሉ። ኤቨርተን ኣብ ወርሒ ለካቲት ናይዚ ዓመት ዝኸፈተቶ ስታድዮም ሰሪሓ'ያ።

ኤቨርተን ኣብ ዓመት ጸወታ 2017/2018 ኣብ ግጥም ሊግ ኤውሮጳ ተሳቲፋ፡ ካብ ናይ ምድብ ውድድራት ምግላፋ ይዝከር።

ታርኮቭስኪ ኣብዚ ዓመት ጸወታ ኤቨርተን ኣብ ዘካየደተን ሸውዓተ ጸወታታት ፕሪመርሊግ ተሳቲፉ'ዩ።

ብዴቪድ ሞየስ እትሰልጥን ዘላ ኤቨርተን ክሳብ ሕጂ፡ 11 ነጥቢ ብምውህላል ኣብ ሰሌዳ ፕሪመርሊግ ሻምናይ ተርታ ሒዛ ትግስገስ ኣላ።

## ስነ-ስርዓት ቀብሪ እንግሊዛዊ ተጓሳጣይ ሪኪ ሃተን ተፈጺሙ




ኮኾብ ሻምፕዮን ዓለም ነበር እንግሊዛዊ ተጓሳጣይ ሪኪ ሃተን፡ ሰንበት 14 መስከረም ኣብ መበል 46 ዓመቱ ኣብ ከተማ ማንቸስተር ኣብ ዝርከብ መንበሪ ቤቱ ሞይቱ ድሕሪ ምርካቡ፡ ኣብታ ከተማ፡ ቤተሰቡን ፈተውቱን ኣብ ዝተረኸቡሉ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ተኻይዱ።

ሪኪ ሃተን ምሉእ ዕድሚኡ ደጋፊ ማን. ሲቲ ምንባሩ'ዩ ዝነገረሉ። ተሳተፍቲ ናይቲ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ካብ'ታ ዝዓበየላ ዓዱ ን16 ኪ.ሚ. ሰልፊ ኣዱዶም። ስነ ስርዓት ቀብሪ ድሕሪ ምፍጻሙ ድማ፡ ኣብ ስታድዩም ማንሲቲ (ኢቲሃድ) ናይ ዝኽሪ ጸንብል ኣካይዶምሉ።

ውሩያት ተጓሰጥቲ ዓለምና ከም ፍራንክ ብሩኖ፡ ታይሰን ፉሪን ሊያም ጋላገርን ከምኡ ድማ ኮኾብ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ዋይን ሩኒን ካልኦትን ኣብቲ ስነ ስርዓት ቀብሪ ተረኺቦም ነይሮም።

እዚ 'ዘ ሂትማን' ብዝብል ሳጓ ዝፍለጥ ተጓሳጣይ፡ ኣብ ናይ ዝፈኸሰን ዝኸበደን ሚዛን ውድድራት ዌልተርን ብምዕዋት፡ ዋንጫ ዓለም ዝዓተረ ሓደ ካብቶም ህቡባት ተጓሰጥቲ ብሪጣንያ ምንባሩ ይፍለጥ።

## ዩናይትድ ንኮኾብ ጁቬንቱስ ንምውናን ምስ ቸልሲ ክትወዳደር ድሉውነታ ትገልጽ

ማንቸስተር ዩናይትድ ንኮኾብ ጁቬንቱስ ቱርካዊ-ጀርመናዊ ኬናን ይልዲዝ ኣብ ክረምቲ 2026 ዝለዓለ ጠመተኣ ክትገብሮ ምኳና ብምሕባር፡ ብ76 ሚልዮን ፓውንድ ንኽትዕድጎ ውጥን ኣውጺኣ።

ዚ ጉዳይ'ዚ ቸልስን ኣርሰናልን እውን ተመሳሳሊ ትኹረት ኣንበረናሉ ኣለዋ። እንተኾነ ጁቬንቱስ ነቲ ኣብ ኢጣልያ ልዕሊ 90 ዓበይቲ ውድድራትን 18 ሸቶታትን ዘመዝገበ ወዲ 20 ዓመት ኮኾባ ክትዕቅቦ ወሲና'ላ።

ዚ ብዘለዎ ብቕዓትን ህድኣትን ዘደንቕ ተጻዋታይ ጁቬንቱስ፡ ዋላ'ኳ ማን.ዩናይትድ፡ ቸልሲን ኣርሰናልን ተጉዕዝሉ እንተሕደራሉ፡ ጁቬ ምዚ ተጻዋታይ ዘለዋ ውዕል ክሳብ 2029 ክተናውሖ መደብ ከምዘለዋ እያ ትገልጽ።

ምዕባለ ይልዲዝ ዝዝን ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ስሒቡ'ዩ። ቸልሲ ከም ኣካል ናይቲ ኣብ መንእሰያት ዘተኮረ መደባ ጠመት ኣንበራትሉ ኣላ። ይኹን እምበር፡ ጁቬንቱስ ኣብ ኢጣልያ ምስ ዘለዋ ደረጃ፡ ኣብ ተጻወትቲ ዝኾነ ለውጢ ክትገብር መደብ ከም ዘይብላ እያ ትሕብር። ብኻልእ ወገን ማን.ዩናይትድ ንዋዒሕ እዋን ዝኸዱ ዕድላት ብምፍጣር፡ ከም መተካእታ ብሩኖ ፈርናንደስ ክኾና ኣብ መደብ ከተእትዎ ተኽእሎ'ለ።

ካልኦት ዓበይቲ ክለባት ሰረኣ እውን ኣብ መጻኢ ንይልዲዝ ንምውናን ሓሳባት ከም ዘለወን ይንገር። እዚ ብዘለዎ ብቕዓት ምስ ኮኾባት ነበር ኣሌሳንድሮ ደል ፒየሮን ሚይክል ላውድሩፕን ክነጻጸር ዝጸንሐ ተጻዋታይ፡ ዛጊት ካብ ቱሪን ክወጽእ ድሌት ኣየርኣየን።

በዚ መሰረት ማን.ዩናይትድ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ንይልዲዝ ንምውናን ምስ ቸልሲ ኣብ ውድድር ከም ትኣቱ ትሕብር። ጁቬንቱስ ድማ ድሌት ናይቲ ተጻዋታይ እንተ ሓጊዞዋ ንኽተጽንሖ ምጽዓታ ደሪዓ ኣላ።



# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## እስራኤል፡ ንእማመ ምቁራጽ ኲናት ቃዛ ተቐቢላቶ

መንግስቲ እስራኤል፡ ነቲ ሓማስ ኣቕዲሙ ዝተሰማምዓሉ እማመ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ወሽመጥ ቓዛ ተቐቢሉ ከም ዘጽደቖ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ካብ ትማሊ ዓርቢ ጀሚሩ ተግባራዊ ኮይኑ ኣሎ።

ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ መንግስቲ እስራኤል፡ ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ - ብህይወት ዘለዉን ዝሞቱን - እስራኤላውያን ንኽልቀቑ ዝሕግዘ ቅጥዒ ኣውጺኡ ከም ዘሎ'ውን ሓቢሩ።



እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ዋላ'ኳ እኹል ናይ ተቐባልነት ደገፍ ረኺቡ እንተ ሃለወ፡ ውሑዳት ዘይኮኑ ኣባላት ካቢኔ ... 

ነቲ ደማዊ ኲናት ክድግፉ ዝጸንሑ ሚኒስተራት ግን ኣንጻሩ ከም ዘድመጹ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ሩስያ፡ ንኢራንን እስራኤልን ንምትዕራቕ ትሰርሕ ምህላዋ ኣፍሊጣ



ፈደረሽን ሩስያ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ኢራንን ዘሎ ወጥሪ ንምዕጻን ንኽልቲአን ሃገራት ናብ መኣዲ ዘተ ንምምጻእን ከም መንጎኛ ኮይና ትሰርሕ ከም ዘሎ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ገሊጹ።

ፕረዚደንት ፑቲን ወሲኹ፡ እስራኤል ምስ ኢራን ሰላም ክትገብር ከም እትደሊ ዝገልጽ መልእኽቲ፡ ሩስያ ናብ ኢራን ከተመሓላልፈላ ምሕጽንታኣ ከም ዘቕረበት ኣዘኪሩ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ከተማ ዱሻንቤ - ታጂኪስታን ዝተኻየደ ዋዕላ ሩስያን ማእከላይ ኤስያን፡ ፕረዚደንት ፑቲን ሃገሩ ኣብ ምምዕባል ንጹርን ቅኑዕን መደባት ጣህራን ዘሎ ኣህጉራዊ ወጥሪ ንምህዳእ ምስ ኢራን ሓቢራ ትሰርሕ ከም ዘላ ገሊጹ ነይሩ።

ሞስኮ፡ ዲፕሎማሲ ምስ ንጹርን መደባት ጣህራን ዝተሓሓዙ ጸገማት ክፈትሕ ዝኽእል እንኮ መንገዲ ምዃኑ'ያ ተረድኡ።

ብመሰረት ጸብጻብ ክረምሊን፡ ፕረዚደንት ፑቲንን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘካየድዎ ናይ ተሌፎን ዝርርብ፡ ብዛዕባ እማመ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ወሽመጥ ቓዛ፡ መደባት ምምዕባል ንዩክሌር ኢራንን ምርግጋእ ኣብ ሶርያ ዘሎ ኩነታትን ኣመልኪቶም ተዘራሪቦም ነይሮም።

ፈደረሽን ሩስያ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ኢራንን ናይ ዝርርብ ባይታ ንምፍጣር ድልውቲ ምህላዋ'ውን ሓቢራ ኣላ።

ፕረዚደንት ፑቲን፡ ሓደ ካብ'ቶም ነቲ ዝሓለፈ ሰነ ኣብ መንጎ ኢራንን እስራኤልን ዝተፈጥረ ግጭት ንምህዳእ፡ ብቐጻሊ ምስ መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ዝተራኸበ ውሑዳት መራሕቲ ዓለም እዩ።

## "ኣመሪካ ውግእ ክትከፍተለይ ደልያ" ኮሎምብያ

ፕረዚደንት ኮሎምብያ ጉስታቮ ፔትሮ፡ ኣመሪካ፡ ወፍሪ ጸረ ዕጹ ፋርስ ብዝብል ጉልባብ ኣመኻንያ፡ ኣብ ዞባ ካሪብያን ኲናት ክትጀምር ትፍትን ከም ዘላ ከሰሰ።

ፕረዚደንት ፔትሮ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርግሖ ጽሑፍ፡ እቲ ኣመሪካ ብስም ወፍሪ ጸረ ዕጹ ፋርስ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ኣብቲ ዞባ ንዝካየድ ንግዲ ዕጹ ፋርስ ንምጥፋእ ዘይኮነስ፡ ኣብኡ ዝርከብ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ንምቍጽጻር ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።

ቤት ጽሕፈት ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ ግን፡ ነቲ ብፕረዚደንት ፔትሮ ቀሪቡ ዘሎ ክሲ "መሰረት ዘይብሉ" ክብል ከም ዝጸገኖ ሮይተርስ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት፡ ኣመሪካ፡ ኣብ ከባቢ ቬንዙዌላ ንዘንቀሳቐሳ ዝነበራ - ብዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ዝጠርጠረተን ብውሕዱ ኣርባዕተ



መራኽብ ዲላማ ገይራ ኣብ ልዕሊአን ብዝተኻየደ ደብዳብ፡ ልዕሊ 20 ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣመሪካ ነቲ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ኣብ ካሪብያን ንዝካየድ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ንምግታእ ዝዓለመ ምዃኑ እያ ትገልጽ።

ዋሽንግተን ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ፡ ፕረዚደንት ቬንዙዌላ ኒኮላስ ማዱሮ ምስ ጉጅለታት ኣሰጋገርቲ ዕጹ ፋርስ ርክብ ከም ዘለዎ እያ ትኸስስ።

ፕረዚደንት ማዱሮ ግን፡ እቲ ክሲ ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ዝቐርብ ሓቅነት ዘይብሉ ጠቕነ ምኽንያት'ዩ መልሲ ሂቡሉ ኣሎ።

## "ዘለንስኪ ንክዉንነት ናይ ምግንዛብ ዓቕሙ ኣጥፊኡ እዩ" ሚ/ጉ/ወጻኢ ሃንጋሪ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ "ሃገሩ ናብ ሕብረት ኤውሮጳ ንኽትጽንበር ባዕሉ ዝወሰነ ኮይኑ ዝሰምዖ እንተሎ፡ ምሉእ ብምሉእ ክዉንነት ናይ ምግንዛብ ዓቕሙ ኣጥፊኡ ኣሎ ማለት'ዩ" ክብል፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሃንጋሪ ፒተር ስዚጃርቶ ገሊጹ።

ሕብረት ኤውሮጳ፡ ዩክሬን ኣብ 2030 ኣባልነት ሕብረት ኤውሮጳ ክትረክብ ዝብል ሸቶ ኣቐሚጡ ምህላዉ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

ቡዳፐስት ግን ንሓሳብ ናይቲ ሕብረት ብምቅዋም፡ እቲ ስጉምቲ ነቲ ኣብ ሞንጎ እቲ ሕብረትን ፈደረሽን ሩስያን ዘሎ ዘይምቅዳው ዝብኢሰን ንኽፈልጥ ግብሪ ናይቲ ሕብረት ከኣ ሰላም ዘኸውንን ምኻኑ ብምግላጽ እያ እተጠንቅቕ።

ዝሓለፈ ረቡዕ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ድማ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን፡ ኣብ ልዕሊ ሕብረት ኤውሮጳን ዩክሬንን ተደጋጋሚ ነቐፌታታት ብምቕራብ፡ ህቡብነት ውድቡ የዕቢ ኣሎ ክብል ወቒሱ ነይሩ።

ሚኒስተር ፒተር ስዚጃርቶ፡ ዩክሬን ምሉእ ደገፍ ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ከይረኸበት ናብቲ ሕብረት ክትኣቱ ዝሕሰብ ከም ዘይኮነ ኣረዲኡ።

ብዘይካ ሃንጋሪ፡ መራሕቲ ስሎቫኪያን ሓያሎ ሰበ ስልጣን ፖላንድን፡ ከምኡ ድማ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ዜጋታት ፈረንሳን ኦስትርያን፡ ዩክሬን ናብ ሕብረት ኤውሮጳ ክትጽንበር ከም ዘይደልዩ፡ ብደረጃ ኤውሮጳ ዝተኻየደ መጽናዕቲ የመልክት።

ፈደረሽን ሩስያ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ቁጠባ ኣተኩሩ ክሳብ ዝሰርሐ፡ ዩክሬን ኣብቲ ሕብረት ኣባልነት ክትረክብ ከም ዘይትቃወሞ ኣዘኪራ ኣላ።



## ኣመሪካን ብራዚልን ቁጠባዊ ዝምድናአን ንምሕያል ተመያዩጠን

ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ሚኒስትር ጉዳያት ወጻኢ ብራዚል ማውሮ ቪየራ፡ ኣብ ምሕያል ቁጠባዊ ዝምድና ሃገሩን ኣመሪካን ኣመልኪቱ ምስ ኣመሪካዊ መዘናኡ ማርኮ ሩብዮ ብቴሌፎን ዝርርብ ከም ዘካየደ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብራዚል ኣፍሊጡ።

ኣብ ቀረባ እዋን፡ ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዋሺንግተን ተራኺቦም ክዘራረቡ ምዃኖም ከኣ ተፈሊጡ ኣሎ።

ዝሓለፈ ሰኑይ'ውን፡ መራሕቲ ብራዚልን ኣመሪካን፡ እቲ ዝሓለፈ ኑሓሰ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ካብ ብራዚል ናብ ዕዳጋታት ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ዘጽደቐቶ ልዑል መጠን ቀረጽን እጉዳን ኣብ ዝለዓለሉ መንገዲታት ኣመልኪቶም ከም ዝዘተዩ ተሓቢሩ ኣሎ።



ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ፍረ-ኣውሊዕ | ዕለት: 11/10/2025 | ጎደና: ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | ቁ.ስልኪ: 163485
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565